# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.237 ሓሙስ 4 ሰነ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ቻይና፡ካብ ‘ፍወሳ ብነውጺ’ ከመይ ኣምለጠት፧





ገጽ 4 ንስነ-ምግባር ከመይ ንርድኦ፧



ገጽ 5 ድልያ ሓርነት መንነትና’ያ

ገጽ 7 ምልክታ


## ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፡ ይወሃብ ኣሎ



ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ( ከረን )




ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ ትማሊ 3 ሰነ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ኣብ ሱዳንን ስዑድያን ክወሃብ ጀሚሩ።

ኣብ’ዚ ክሳብ 5 ሰነ ዝቕጽል ሃገራዊ መርመራ፡ 48 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 68,197 ተመሃሮ ኣብ 535 ማእከላት ይፍተኑ ኣለዉ።

ካብ’ቲ ነቑጣታት፡ 2 ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን፡ 2 ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ጽሙማንን ዓይነ-ስዉራንን፡ ሓደ ኣብ ከሰላ - ሱዳን፡ ክልተ ድማ ኣብ ጅዳን ሪያድን - ስዑድያ ዝርከብ’ዩ።

ተፈተንቲ ብ5 ዓይነታት ትምህርቲ ማለት እንግሊዝ፡ ቁጽሪ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ማሕበራዊ ትምህርትን ትምህርቲ ዜግነትን ክፍተኑ’ዮም።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ነዚ ፈተና ንምክያድ፡ ልዕሊ 8 ሽሕ ሓይሊ-ሰብን እኹል መሳለጥያታትን ምውፋሩ፡ ኣቐዲሙ ምሕባሩ ዝዝከር’ዩ።

## መራሕቲ የማንን ሊባኖስን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ የማንን ሊባኖስን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ሱልጣን የማን ሃይሰም ቢን ጣርቐን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ሊባኖስ ጆዜፍ የንን ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጥዕናን ኣሳልጦ ስራሕን፣ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣስዒቦም፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምምዕባል ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

## ሎጎ-ዓንሰባ - 22 ዓድታት ነጻ ካብ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ኣዊጀን

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ኣብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ዝሕቑፋ 22 ዓድታት፡ ብ30 ግንቦት ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ነጻ ካብ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ኣዊጀን።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራ፡ ከምኡ’ውን ወከልቲ ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (UNICEF)ን ማዕከን ህዝቢ ሕቡራት ሃገራት (UNFPA)ን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ዝርከቦም ሃሰይቲ ልምድታት ንምውጋድ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኮሚተ ብምቛም ንዝተኻየደ ኮም ማእከል ዝገበረ ስራሕን ገስጋሱን ድሕሪ ምግላጽ፡ ብዝተገብረ ዳህሳስ ኩለን ዓድታት ክሸቦ ከምዘወገዳ ከምእተረጋገጸ፣ ደግሲ ከየጋጥም ድማ ዕቱብ ምክትታል ከምዝግበር ገሊጹ።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ተስፋጋብርኤል ገብረስላሴ ብወገኑ፡ ጎደእቲ ልምድታት ብሓፈሻ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምውጋድ ሓያል ጻዕሪ’ኳ ክካየድ እንተጸንሐ፡ ክሸቦ መሊኡ ስለዘይተወገደ ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ግዳይ ክኾና ምጽንሐን ብምጥቃስ፡ ካብ 2018 ብምውህሃድ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ከምኡ’ውን ሃማደኤ ሰፊሕ ጎስጓሳዊ መደባት ብምክያዱ፡ እቲ ተርእዮ እናንቈልቈለ ከምዝመጸ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ዝተበጽሐ ደረጃ ድማ ናቱ ውጽኢት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።



መራሕቲ ሃይማኖትን ወለድን ድማ፡ ምስ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብምውህሃድ ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ፡ ሳዕቤናት ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ብግቡእ ክግንዘቡ ከምዝኸኣሉ ብምጥቃስ፡ ከባቢኦም ካብ’ዚ ዘይሕጋዊ ተግባራት ሓራ ከምዝኾነ መስኪሮም።

ኣብ’ቲ ጽንብል፡ ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድታት ቀሪቡ።

ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ብ25 ጥቅምቲ 2025 ነጻ ካብ ክሸቦ ከምዝኣወጀ ዝዝከር’ዩ።

ዜና

# ማእከል - ንዝተዓወቱ ጽሙማን ተመሃሮ ሽልማት ተዓዲሉ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ውድድራት ስፖርትን ሓፈሻዊ ፍልጠትን ንዝተዓወቱ ጽሙማን ተመሃሮ፡ ብ31 ግንቦት ሽልማት ዓዲሉ።

ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝደመቐ ስነ-ስርዓት፡ ንቶም ዕዉታት ተመሃሮ ከከም ደረጃኦም ገንዘባዊ ሽልማት ተበርኪቱሎም።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ዳንኤል ገብረማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቶም ተመሃሮ በቲ ዝተዓወቱሉ ዓውዲ ናብ ዝለዓለ ንኽበጽሑ ተራ ወለዲ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ ዳዊት ሰለሙን ድማ፡ ጽሙማን ተመሃሮ ኣብ ኩሉ ዝወጽእ መደባት ንኽሳተፉ ብማሕበር ቀጻሊ ጎስጓሳት ክካየድ ብምዝኽኻር፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምትሕብባሩ ክብ ከብል ጸዊዑ።



# ኤርትራውያን ተቐማጦ ፖርትሱዳን፡ ዛምብያን ፈረንሳን በዓል ናጽነት ጸንቢሎም

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ሉሳካ - ዛምቢያ፡ ሃራረ - ዚምባብወ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ፈረንሳ - ከተማታት ማርሰይ፡ ሳን ናዘርን ናንትን ብዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ተባዒሉ። ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ኣብ ዛምቢያ ኣቶ ገብረሂወት ጴጥሮስ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ጽንብል ናጽነት - ስኢትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራን ንሃገሩ ዘለዎ ፍቕርን ብዝለዓለ ዝንጸባረቐሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ውዳበታትካ ኣሐዩልካ ብልምዓት ምኹልዑ መድረኻዊ ተልእኾ ከምዝኾነ ገሊጹ። ኣብ ሃራረ - ዚምባብወ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ ዘካየድዎ ተመሳሳሊ ጽንብል፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ኣቶ ኣማኑኤል ሺፈራው፡ ጽንዓት፡ ተወፋይነትን ዘይተጸዓድነትን ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ዘዐወተና ክብሪታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መሰረት ልምዓትናን ሰላምናን እውን ንሱ ስለዝኾነ፡ ብግቡእ ናብ መጻኢ ወለዶታት ንኽመሓላለፍ ብዕቱብ ክሰራሕ ከምዝግባእ ኣብሪሁ። እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ማርሰይ፡ ሳን ናዘርን ናንትን - ፈረንሳ ኣብ ዝተኻየደ ብቐንዱ ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ዘተኩረ ጽንብላት፡ ኣቦ-መንበራት ማሕበረኮማት ናይ'ተን ከተማታት ኣብ ዘስመዕዎ መደረ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻሉን የሃና ድሕሪ ምባል፡ ኣበርኪቶ ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ መደባት ንምዕዛዝ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም። እቲ ጽንብል፡ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ። ተመሃሮ ቋንቋ ኣደ ዝኾኑ ኤርትራውያን ቈልዑ፡ ነቲ ጽንብል ፍሉይ ድምቀት ከምዝሃብዎ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ፖርትሱዳን፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ንርዝነትን ክብርን 24 ግንቦት ዘንጸባርቕ ምዕሩግ መደባት ብምድላው፡ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብድምቀት ጸንቢሎም። ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን ኣቶ ዓንደማርያም ሃብተሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ናጽነትና፡ ቁጠባዊ ሓርነት ንምስማር ዝኸድናዮ ጉዕዞ በቲ ሓደ፣ ሓቀኛ ምስልና ንምጉላሕን ልዕልና ሕጊ ንምርግጋጽን ዘካየድናዮ ናይ መኸተ ንጥፈታት ድማ በቲ ካልእ ውጽኢት ኣብ ዝሃበሉ እዋን ይጽንበል ምህላዉ ፍሉይነቱ ዕዙዝ ምኻኑ ሓቢሩ። ጸሓፊ ማሕበረኮምን ኣቦ-መንበር መንእሰያትን ኣቶ ጃዕፈር መሓመድ-ዑስማን ብወገኑ፡ ማሕበረኮም - ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ብምዕቃብ ሓድነቱን ጥምረቱን ምድልዳል፣ ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ካብኡ ዝሕተት ኣበርክቶ ምግባር፣ ውዲታትን ተጻብኦታትን ብንቕሓት ምምካት፣ ማሕበራዊ ጸገማት ዜጋታት ምፍታሕ፣ ከምኡ'ውን ኤርትራዊ ባህልን መንነትን ምስ ካልኦት ማሕበረኮማት ምልላይ ካብ ቀንዲ ዕላማታቱ ገይሩ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ነዚ ምዕሩግ ሃገራዊ ጽንብል ንዘድመቑ ወገናት ኣመስጊኑ። እቲ ብ22 ግንቦት ኣብ ከተማ ፖርትሱዳን ዝተኻየደ፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያንን ዕድመ ዝተገብረሎምን ዝተሳተፍዎ ጽንብል፡ ጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ማሕበረኮም ብዘቕረበቶ መሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ። ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከሰላ፡ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብድምቀት ከምዝጸንበሉ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ማእከል - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣባሻውልን ገዛ-ባንዳን፡ ኣብ ቅንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ኣብ ሓለዋ ንዝተዋፈራ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ30ን 31ን ግንቦት ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ኣካዪዶም።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘስመዕኦ ቃል፡ ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብሓፈሻ ነተን ኣብ ዞባ ማእከል ተዋፊረን ዘቐንያ ድማ ብፍላይ ብምምጓስ፡ ነበርቲ ዓቕሚ ታቶም ኣወሃሂዶም ዝገበርዎ እንግዶት፡ መርኣያ ሓበኖም ከምዝኾነ ገሊጸን።

እቲ ናይ እንግዶትን ምዝንጋዕን መደብ፡ ብባህላዊ ትሕዝቶታት ደሚቑ ነይሩ።



# ቁጠባን ዋኒንን



ተሰፊት ሓጐስ

## ቻይና፡ ካብ ‘ፍወሳ ብነውጺ’ ከመይ ኣምለጠት፧

ሻብዓይ ክፋል

ኣብዚ እዋን ብቑጠባዊ ምዕባለኣን ተክኖሎጅያዊ ገስጋሳን ኀሊሓ ትርአ ሃገር ቻይና’ያ። ካብ ምሒር ድኽነትን ድሕረትን ወጺኣ ነዚ ደረጃ ክትበጽሕ ዘኽኣላ ረቛሒ እንታይ ምዃኑ ንምድህሳስ ዝተኻየደ መጽናዕቲታት’ውን ሒደት ኣይኮነን። ስነቑጠበኛ ኢዛበላ ወበር ‘ሃው ቻይና ኢስኬይፐድ ሾክ ተራፒ’ ብዝብል ኣርእስቲ ዘሕተመታ ውጽኢት መጽናዕታ ዝኾነት መጽሓፍ ፍሉይ ቀላሕታ ካብ ዝረኸባ መጽሓፍቲ ሓንቲ’ያ። ቻይና፡ ኑቲ ዘይማዕበላ ሃገራትን ማሕበርነታዊ ስርዓት ዝነበረን ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳን ቁጠባኣን ኣብ ምድንፋዕ ክኽተልኦ ዝግባእ ተባሂሉ ብምዕራባውያን ሓይልታት ዝተሃንደሰን ዝተኣዘዘን ጥሙር ፖሊሲ ብምጉሳይ ብውሽጣዊ ተመክሮኣ ዝተወደነ እረማ ምኪያዳ ወሳኒ ምንባሩ ኢዛበላ ተረድኣ። ብተወሳኺ፡ እቲ እረማን ኣገባቡን ዝተሓርየሉ መስርሕ ርእሱ ዘኽኣለ ተመክሮ ምዃኑ ተነጽር። ጽማቑ ከኣ ይስዕብ።

### ንእረማ ዝደፍኡ ሓይልታት

ዴሳዊ ሰውራ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ቻይና ሓንቲ ካብ ዝደኸያ ሃገራት ዓለም ምንባራ ይፍለጥ። ኣብ 1950፡ ኣበርኩቶ ቻይና ኣብ ዓለምለኻዊ ፍርያት ትሕቲ ሓሙሽተ ሚእታዊት ነበረ። እዚ ምስቲ ኣብ 1820 ዝነበረ ኣስታት ሓደ-ሲሶ ዝበጽሕ ኣበርኩቶ ክነጻጸር እንከሎ ዓቢ ምንቁልቋል’ዩ። ሰውራ ዴሳዊ ሰልፊ ከም ዓቢ ዝሓዞ ዕላማ፡ ኣብ ቻይና ካብ መስፍናዊ ጸቕጥን ርእሰማላዊ ምዝመዛን ናጻ ዝኾነ ሓድሽ ሕብረተሰብ ምፍጣር ነበረ። እዚ ኣብ ቦታኡ እንከሎ ድማ ንህዝቢ ቻይና ካብ ዘስካሕክሕ ድኽነት ምውጻእ ቀዳማይ ዕማም ናይቶም ሰውራውያን ነበረ። ጋዜጣ ‘ፒፕልስ ደይሊ’፡ ኣብ ጽንብል ምስረታ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና (1 ጥቅምቲ 1949) ኣብ ዘውጽኣቶ ርእሰ-ዓንቀጽ፡ ሓደ ካብ ሸቶታት ናይቲ ሓድሽ መንግስቲ “ነታ ኣብ ሕርሻ ትምርኩስ ድሕርቲ ሃገር ናብ ስልጥንትን ገስጋሲትን ኢንዱስትርያዊት ሃገር ምልዋጥ” ምዃኑ ኣወጀት።

10 ዓመት ድሕሪ ምምስራት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ግና “ኣብ ታሪኽ ደቂሰብ ኣዝዩ ኣሰንባዲ ዝኾነ ዓጸባ” ኣብታ ሃገር ኣጋጠመ። ማኦ ድዩንግ ኣብ 9 መስከረም 1976 ክዓርፍ እንከሎ ግና ቻይና ካብቲ ዓቢ ዓጸባ ወጺኣ፡ ኣብ ህዝባዊ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ሓምላይ ሰውራ ከምኡ’ውን ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ዝምስጉን ገስጋስ ኩተመዝግብ ክኢላ ነበረት። ብተወሳኺ፡ ማኦ ዝመርሓ ቻይና ዋጋታት ኣብ ምርግጋእ ዘረጋገጸቶ ቁጠባዊ ዓወት ንምትግባሩ ዘይሕሱብ ብምንባሩ እቲ ዝደመቐ ዓወት ይጉብሮ። እቲ ገስጋስን ዓወትን ኣብ ቦታኡ እንከሎ ግና ቻይና ኣዝያ ድኻ ሃገር ምንባራ ክርሳዕ ኣይግባእን።

እረማ ኣብ ዝጅምረሉ ዝነበረ እዋን ከኣ ምርግጋእ ዋጋ ካብ ምርጋእ ዋጋ ፈሊኻ ምርዳእ ከምኡ’ውን ምጡን ዝደረጃኡ ክብን-ለጠቕን ናይ ዋጋ ንቑጠባዊ ልምዓት ኣገዳሲ ምዃኑ ምግንዛብ ከምዘድሊ ፍሉጥ ቻይናዊ ስነቑጠበኛ ሹ ሙኪዮ (Xue Muqiao) ኣመልኪቱ። ንሹ ይኹን ንኻልኦት ደለይቲ እረማ፡ ኣብ ገጠር ንዝነበረ ድኽነት ፍታሕ ምርካብ እቲ እረማ ቀዳምነት ክህቦ ዝግባእ ጉዳይ ነበረ።

ካልእ፡ ከም ቀንዲ ብድሆን ኣተኩሮን ናይታ ሓዳስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ኮይኑ ዝተረኽበ ድማ ምርግጋጽ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ነበረ። እቲ ብሕርሻ ዝተዓበለለ ቁጠባን ትሑት እቶትን ድማ ንብድሆ ናይታ ሪፓብሊክ ኣብ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት መሊሱ ዘኽረረ ነበረ። ፈለማ፡ ሕብረት ሶቭየት ከም ዝተኸተለቶ ከበድቲ ኣብ ዝበሃል ኢንዱስትሪታት ዘተኮረ ናይ ልምዓት ኣገባብ’ያ ኩተተግብር ፈቲና። እቲ ኣገባብ ግና ማዕረ ዝተገበረሉ ትጽቢት ኣድማዒ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ኑቲ ኣገባብ ብምግዳፍ ካልእ ኣገባብ ምኽታል ዝብል ኣማራጺ ሓሳብ’ውን ቀረበ። እንተኾነ ገለ ገለ ናይ ፖሊሲ ለውጥታት ካብ ምትግባር ሓሊፉ ንተወፋይነት ቻይና ኣብ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ኣየጥፍኣን።

እቲ፡ ኣብ መወዳእታ 1970ታት ዝመጸ ለውጢ ድማ ውጽኢት ዓሚቕ ክልሰ-ሓሳባዊ ኣስተብህሎ ወይ’ውን ስነ-ሓሳባዊ ክርፍስ ከምዘይኮነ ኣብ ናይ ቻይናን ዓለምለኻዊ እረማን ዝግደሱ ስነቑጠበኛታት ከምዘሰማምዑ ኢዛበላ ወበር ተመልክት። ብእኡ መንጽር፡ እቲ ለውጢ፡ ቁጠባ ዝደረኾ ግዴታዊ ለውጢ ምንባሩ ይምልከት። ዣ ረንወይ (Zhao Renwei) ዝተባህለ ስነቑጠበኛ ኣብ 2016 ከምዝገለጾ፡ “ኣብ 1978 ከምኡ’ውን 1979 ቻይና ብዘይለውጢ ክትቅጽል ኣይምኸኣለትን። ለውጢ ዘይምግባር ከም ምርጫ ዝርአን ዝከኣልን ኣይነበረን። እረማ ክንገብር ግድን’ዩ ነይሩ። እቲ ሕቶ፡ ብኸመይ ኣገባብ ዝብል’ዩ ነይሩ። እቲ ዘይነጸር፡ እቲ ኣገባብ ጥራይ እዩ ነይሩ።” ኣድላይነት ናይቲ እረማ ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ እቲ ድርኺት ቁጠባዊ ጥራይ እዩ ነይሩ ንዝብል ኣገላልጻ ግና ምሉእ ብምሉእ ምቕባሉ ኣጸጋሚ’ዩ።

ከም መረዳእታ ዝጥቀስ ቀንዲ ነጥቢ ከኣ ስነቑጠባ ኣብ ምሕደራ ቻይና ዝሓዞ ኣማእዛኒ ግደ’ዩ። እዚ ከኣ እቲ ለውጢ ኪኖ መልሰ-ግብራዊ ዝኸይድ፡ መሰረታዊ ናይ ስነ-ሓሳብ ለውጥን ምኽላስ ታሪኻዊ ምዕባለ መሪሕነት ቻይናን ምዃኑ ይጥቀስ። ስለዚ፡ ምስግጋር ካብ ርእሰማልነት ናብ ማሕበርነት ብመንጽር ደረጃ ምዕባለ ናይ ሃገር ከምዝውሰን ይኣምን። ክንዲ ዝኾነ ከኣ እቲ ምስግጋር ኣዝያ ድሕርቲ ንዝኾነት ሃገር ዝያዳ ከምዝጸግም የነጽር። ናይ ማኦ እምነት ግና ብኣንጻሩ ነበረ። “እኳ ደኣ፡ እታ ሃገር ኣዝያ ድሕርቲ ምስ ትኸውን እቲ ምስግጋር ከም ዝቐልል” ማኦ ይገልጽ። ማኦ፡ ምዕባለ/ገስጋስ ብፖለቲካዊ ኣገባብ’ዩ ክረጋገጽ ዝኽእል ዝብል ኣረኣእያ እዩ ነይሩዎ። ሰረተ-እምነት (ዶክትሪን) ናይቲ ኣብ ቻይና ዝተኻየደ እረማ ግና ኑቲ ናይ ለኒን መስመር ዝተኸተለ ምዃኑ ይግለጽ።

ኣብ ቁጠባዊ መዳይ፡ ባህጊ ናይቶም ሰውራውያን ኑቲ “ዝሽፍኣ ገጽ ናይ ድኽነት” ምውጋድ ጥራይ ኣይነበረን። ባህጎም፡ ኑቲ ድኽነት ምስዓርን ሃገራዊ ሃብቲ ምድላብን ከምኡ’ውን ማሕበርነታዊ ሕብረተሰብ ምህናጽ ነበረ። ዶን ሾፒን ኣብ 1978 ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ፡ “ሃገርና ካብ ድኽነትን ድሕረትን ምልቃቕ”፡ “ንዘበልጺጋ ሃገራት ምርኻብ ዋላ’ውን ምብላጽ” ንዝብል ፈላሚ ሸቶታት ናይታ ሓዳስ ሪፓብሊክ’ዩ ጠቒሱ። ትንሳኤ ዘመናዊ ቁጠባ ከም ኣጀንዳ ድማ ዶን ሾፒን ቅድሚ ዝጀመሮ እረማ ዝተበጋገሰ ምዃኑ ይግለጽ። ማኦ ድማ ኑቲ



ሁን ፎን

ቁጠባዊ ዘመናዊ ናይ ምግባር ሓላፍነት ንዶን ሾፒን ሃቡ። ዳግመ-ምርሓው ቻይና ንምዕራውብዊ ዓለም ‘ውን ኣብ እዋን ማኦ ምጅማሩ ይግለጽ። ዓቢ መርኣያ ናይቲ ምርሓው ከኣ ዑደት ፕረዚደንት ኣመሪካ ሪቻርድ ኒክሰን ናብ ቻይና’ዩ። እታው (ኢምፖርት) ንምፍራይ ናይ ዘገልግል ኣቕሓን ተክኖሎጅን ካብ ምዕራብ ‘ውን ኣብቲ እዋን’ዩ ቅልጡፍ ዕብየት ኣርእዩ።

ድሕሪ ሞት ማኦ፡ መራሒ ቻይና ዝኾነ ሁን ፎን እዩ። ምርሓው ቻይና ንርእሰማላዊ ዓለም ከኣ ብኡ ንብኡ ናህሩ ቀጸለ። ቻይና፡ ልኡኻታ ናብ መላእ ዓለም ሰደደት። ምስ ሃገራት ወጻኢ ዝካየድ ልውውጥ ቅልጡፍ ዕብየት ኣርኣየ። ኣብቲ ዑደት ዝተሳተፉ፡ መራሕትን ምሁራትን ቻይና ከኣ ካብቲ ምዕራባዊ ዓለምን ጎረባብቶም ሃገራት ምብራቕ ኤሲያ ክንዲ ምንታይ ድሒሮም ምንባሮም ተገንዘቡ። እቲ መገሻታት ድማ ኑቲ ናይ ምርሓው ተበግሶ ሓድሽ መልክዕ ኣትሓዞ። ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምስ ኣመሪካ ኣብ 1979 መራጎዲ ኩነት ኮነ። ኣብ እረማ ቻይና ናይ ሁን ፎን ዝጻወቶ ኣበርክቶ ድማ እዚ ምዃኑ ይግለጽ። እንተኾነ ኣበርክቶ ሁን ፎን “ዝኾነ እንተኾነ” ምስ ዝብል ንውሳነን መስመርን ማኦ ዝድግፍ ጭርሖ ጥራይ ተዛሚዱ ይግለጽ’ዩ። እንተኾነ ድሕሪ ሞት ማኦ፡ ንማእ ክብሪ ምሃብ ሁን ፎን በይኑ ዝገበሮ ኣይነበረን። ምስ ዶን ሾፒን ንሆን ፎን ዝተክኦ ቸን ዩን (Chen Yun) ‘ውን እንተኾነ ደጋፊ ናይቲ ጭርሖ ምንባሩ ይፍለጥ። ሁን ፎን ንባዕሉ ኑቲ ሰውራ “ሓርነት ኣፍረይቲ ሓይልታት” ብምባል ዳግምዝገለጾን ንቑጠባዊ ልምዓት ኣብ ዝበረኸ ቀዳምነት ዝሰርዐን ነበረ።

ኣብ ታሕሳስ 1978 ዝተኻየደ መበል 11 ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ድማ ወሳኒ ለውጢ ኣምጽአ። ኣብ ሊቃነት ቻይናን ምዕራብን ምፍላም ዘመነ ዶን ሾፒን ተባሂሉ ዝጥቀስ ድማ ኮነ። ዶን ሾፒን፡ ንሆን ፎን ብምትካእ ንማእከላይ ኮሚቴን ፖሊትቢሮን ምሉእ ብምሉእ ተቖጻጸረ። ቸን ዩን ኣባል ፖሊትቢሮ ምዃኑ ድማ ዓቢ መግለጺ ናይቲ ኣብ ቁጠባዊ ፖሊሲ ቻይና ዝተራእየ ለውጢ ነበረ። ቸን ዩን፡ ከበድቲ ኣብ ዝበሃል ኢንዱስትሪታት ንዘድህብ ኣገባብ ካብ 1950ታት ኣትሒዙ ዝነቐፈ’ዩ። ቸን ዩን፡ ማኦ ከም ካልኣይ ኣማራጺ ኣቕራብዎ ንዝነበረ ኣብ ሕርሻን ቀሊል ዝበለ ኢንዱስትርታትን ዘተኩር ናይ ልምዓት ኣገባብ ዝድግፍን ደገፍ ንኽረክብ ዝጸዓረን እዩ። እቲ ሓድሽ መሪሕነት፡ ቁጠባዊ እረማ ቻይና ክዉን ንምግባር ኣብ ዘካየዶ ጻዕሪ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ንዝነበረ ዓወት ዴሳዊ ሰልፊ ካብ ምዝኻርን ምውካስን ኣይቦኾረን። ማሕበርነታዊ ዘመናውነት ንምርግጋጽን ዓበይቲ ብድሆታት ናይቲ እረማ ንምግጣምን ድማ ዶን ሾፒን “ምንዳይ ሓቒ ካብ ጭብጢ” ዝብል ጭርሖ መሪሕ መትከል ክኸውን መረጸ።

ወግዓዊ መግለጺ ጉባኤ ዴሳዊ ሰልፊ ኑቲ “ምንዳይ ሓቒ ካብ ጭብጢ” ዝብል ጭርሖ “ካብ ባይታ/ክዉንነት ምብጋስ . . . ምዝማድ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን” ዝብል መግለጺ ኣቕረበሉ። ምዕባለ ሕርሻ ድማ ቁጠባዊ መተባብዒ ዳግም-ከምዝበራበር ብምግባር ኣብ ዝስዕብ ምትዕርራይ ናይ ዋጋታት ከምዝምርኮስ ተገልጸ። ካብ 1979 ጀሚሩ ከኣ እኽሊ ዝዕደገሉ ዋጋ ብ 20 ሚእታዊት ከም ዝውሰኽ ተገብረ። ንሕርሻ ናይ ዘድሊ ናይ መሰንዕ ኣቑሑ ዋጋ ግና ካብ 10 ክሳዕ 15 ሚእታዊት ከምዝጎድል ተገብረ። ኣብ ከተማታት ዝነበረ ዋጋ ሕርሻዊ ኣቑሑ ግና በቲ ወግዓዊ መግለጺ ኣይተተንከፈን። ኣብ ከተማ፡ ዋጋ እኽሊ ሕሱርን ርጉኡን ምግባር ዝብል ካብ ቅድም ዝጸንሐ መትከል ክቕጽል ተመርጸ። “ንመግቢ ናይ ዝኸውን እኽሊ ዋጋ፡ ዕዳጋ ካብ ዝውስኖ ከይተለወጠ ከምዝቕጽል” እቲ ወግዓዊ መግለጺ ኣፍለጠ። እዚ ከኣ “ኑቶም ኣህለኽቲ ተመጣጣኒ ድጎማ ከምዝግበር” ዘመልክት ነበረ። ኣብ ከተማ ንዝነበሩ ኣህለኽቲ ዘድሊ ድጎማ ንምግባር ከኣ መንግስቲ ኣብ ንግዲ እኽሊ ነዊሕ ዝኸደ ክሳራ ኣጋጠሞ። ሕርሻዊ ዋጋታት ከምዝዓቢ ማዕረ ማዕረኡ ከኣ ናይ ከተማታት መሸጣ ዋጋ ሕርሻዊ ፍርያት ከምዝይውሰኽ ምግባር ኣብ 1980ታት ናይ ዝነበረ እረማ ቡዳሂ ዕማም ነበረ።



መራሒ ቻይና ነበር ማኦ ጹዱንግ

ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ መወዳእታ እዋን ናይቲ እረማ ፈስካላዊ ሕጽረት ኣጋጠመ።

ብኣጠቓላሊ፡ እቲ ናይ እረማ መስርሕ ካብቲ ኣብ ቻይና ዕብላሊ ዝነበረ ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ዝተፈልየ ሓሳብን ኣካይዳን ኩተኣታቱ’ዩ ኣንቂዱ። ኑቲ፡ ንምሕቡርን ምዕሩይን ኣካይዳ ቀዳምነት ዝህብ ልምዲ፡ በቲ ኣብ ውልቃዊ ቁጠባዊ ረብሓታት ዘተኩር ከምዝትካእ ምግባር ሰርበተኻዊ ለውጢ ተበጊሶ ነበረ። እቲ እረማ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን’ውን እንተኾነ ቻይናውያን መራሕቲ እቲ ስርዓተ ዋጋታት ዳግመ-ምትዕርራይ ከምዘድልዮ ኣሚኖም ነበሩ። እቲ ሕቶ ግና እቲ ፈታኒ ዕማማ ብኸመይ ኣገባብ’ዩ ዝረጋገጽ ዝብል ነበረ። ቻይናውያን ስነቑጠበኛታት ድማ ኑቲ ኣብ ዋጋታት ክትግበር ዝደልይዎ ዝነበሩ እረማን ምፍጣር ዕዳጋን ግብራዊ ፍታሕ ንምርካብ ካብ “መጽሓፍ ምምላኽ” ክሳብ “ምንዳይ ሓቒ ካብ ጭብጢ” ላዕልን ታሕትን በሉ።

ይቕጽል....

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ማይ ዓይኒ፡ እምሃሚነት፡ ገልዓሎ፡ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ጽንብል ናጽነት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ |
| 16:05 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:40 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ርእይቶ ህዝቢ ኣብ ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ሓሳባት

## ንስነ-ምግባር ከመይ ንርድኦ፧

ኣሴር ሰለሙን

“ወዲሰብ ዓሻ'ዩ፣ ኣብ መወዳእታ ብጕዳእ ምህዞታቱ ክጠፍእ ይኽእል'ዩ፣” ዝብል ናይ ብዙሓት ሻቕሎት ኣሎ። ክዉን ስግኣት ድማ እዩ። ዩቫል ኖህ ሃራሪ ዝተባህለ እስራኤላዊ ጸሓፊ፡ “ወዲሰቡ፡ ሓበሬታን ፍልጠትን ኣብ ምድላብ ኣዝዩ ዘደንቕ ዓወት ኣመዝጊቡ'ዩ፣ እንተዀነ እዚ ኩሉ ፍልጠት፡ ሓበሬታን ርቀትን ደሊቡ፣ ተኣምራታዊ ክበሃል ዝከኣል ቴክኖሎጂ ኣማዕቢሉ ኩብቅዕ፣ ዛጊት ልቦና (wisdom) ኣየጥረየን፣ ኣዝዩ ዓሻ'ዩ” ይብል።

ሰብ ንመዋእል ተመራሚሩ ዘበጽሖ ፍልጠትን ካብኡ ተበጊሱ ዘማዕበሎ ቴክኖሎጂን፡ ተገልቢጡ ሓደጋ ክኾኖ ከምዝኽእል ርዱእ ኮይኑ፡ ነዚ ናይ ዩቫል ሃራሪ ኣገላልጻ ዝድርዕ፡ ካብኡ ዝኸፍአ ሓደጋ ኣብ ቅድሚኡ ከምዘሎ እውን ተመራመርቲ ማሕበራዊ ህይወት ይሕብሩ እዮም። ሰሰዐን ውልቃውነትን ንሞራልን ስነምግባርን ባህልን ሕብረተሰባት እንተድኣ ኣዕንዩዎ፣ ክመጽእ ዝኽእል ሳዕቤን ምግማቱ ኣጸጋሚ ምዃኑ ድማ ይገልጹ። ምኽንያቱ ብሞንታዊ ኣተሓሳስባ ስነምግባር እንተዘየለ፡ ሰብኣዊ ጥርናፈ ዝበሃል ክህሉ ኣይክእልን እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ሕብረተሰባት፡ ምዕቃብ ስነምግባርን ባህልን ህጹጽን ዕቱብን ኣቓልቦ ክሁብዎ ይላበዉ።

ስነምግባር ግን ብልክዕ እንታይ እዩ፧ ንስነምግባር ብኸመይ ኢና ንርድኦ፧ ካብ ሕግን እምነትን እንታይ ይፍለ፧ ስለምንታይ'ዩ ስነምግባር ንህላወ ወዲሰብ ግድን ኣድላዪ ዝኾነ፧ ገለ ሓሳባት ከነሰላስል. . .

ስነ-ምግባር ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ኣድላዪ ምዃኑ ዳርጋ ኩልና እንሰማምዓሉ እዩ። የግዳስ ኣብ ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ትርጉሙን ምኽንያት ኣገዳስነቱን ዘሎ መረዳእታ ዝተፈላለየ እዩ። በዚ ናይ ኣረዳድኣ ፍልልይ ምኽንያት፡ “ንሕና ደቂ ሰብ ስለምንታይ'ዩ ስነ-ምግባር ዘድልየና፧” ንዝብል ሕቶ ክወሃቦ ዝኽእል መልሲታት ብዙሕ ዝዓይነቱ እዩ። ገለ ሰባት ንስነምግባር ምስ ህላወ ፈጣሪን እምነትን ማለት ምስ ጽድቅን ሓጥያትን፡ ምስ ገነትን ሲኦልን፡ ምስ ፍርዲን ኩነኔን ኣተኣሳሲሮም ይገልጽዎ ይኾኑ። ገለ እውን ካብ ሃይማኖት ወጺኦም ምስ ግዝኣት-ሕጊን ዘሰዕቦ መቕጻዕትን ኣተኣሳሲሮም ክምልከትዎ ይኽእሉ። ካልኦት ድማ፡ ካብዚ ክልቲኡ ፍልይ ብዝበለ ምስ ሕልና፡ ሓልዮትን ምድንጋጽን ብምትእስሳር ክገልጽዎ ይፍትኑ ይኾኑ። ንስነምግባር ምስዚ ዝተጠቕሰ ጉዳያት ኣተኣሳሲርና ንምልከቶ እንተድኣ ኮይንና፡ መረዳእታና ልክዕ እዩ ክበሃል ኣይክኣልን።

እቲ ውሩይ ግሪኻዊ ፈላስፋ ፕላቶ፡ “ቀለቤት ጊግስ” ብዝብል ኣርእስቲ ዝጸሓፋ ጽውጽዋይ ኣላ። ጊግስ ዝተባህለ ሓደ ጓሳ፡ ብኢጋጣሚ ሓንቲ ትንግርታዊት ቀለቤት ይረኽብ። እዛ ትንግርታዊት ቀለቤት'ዚኣ፡ እንተደሊኻ ካብ ሰባት ክትስወር፡ እንተደሊኻ ተመሊስካ ክትግሃድ ዘኽእል መለኮታዊ ሓይሊ እተጐናጸፍ ነበረት። እቲ ነዛ ቀለቤት'ዚኣ ዝረኸበ ጓሳ፡ ቅድሚኡ ኣብ መንጎ ደቂ ዓዱ ከም ንጹህን ቅኑዕን ሰብ እዩ ዝፍለጥ ነይሩ። ነዛ ቀለቤት እዚኣ ድሕሪ ምርካቡ ግን፡ ብትንግርታ ዝተጐነጸፎ ሓይሊን ፈተነን ክጻወሮ ኣይከኣለን። ሕቡእ ባህጉን ስስዐኡን ክፈታተኖ ጀመረ። ድሌቱ ንምርዋይ ከኣ፡ ካብ ሰባት እናተሰወረ ብዙሕ ክፉእ ነገራትን ዓማጺ ተግባራትን ክፍጽም ድፍረት ኣጥረየ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ናብ ቤተ-መንግስቲ ብምእታው እታ ልዕልቲ ምስኡ ከም እትብዕልግ ብምግባር ባህጉ ኣርወየ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነቲ ንጉስ ቀቲሉ፡ ስልጣን ተቖጻጸረ።

እስከ ነፍሲ ወከፍና፡ “እዛ ትንግርታዊት ቀለቤት እንተንረኽባስ እንታይ ኮን ምገበርና ኢልና፧” ንሕሰቦ። ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ክንገብር ምኸኣልና። ግን ወዲሰብ ከም ዝኾነ ፍጡር ወይ እንስሳ፡ ውልቃዊ ጣዕሚ ባህግን ድሌታትን ስለዘፈታተኖ፡ ከምዚ ዓይነት ትንግርታዊ ሓይሊ ምስዝረክብ ካብ ጽቡቕ ዝጉብሮ እቲ ክፉእ ከምዝዛይድ ምግማቱ ኣየጸግምን። ፕላቶ በዚ ጽውጽዋይ ኣቢሉ ክገልጾ ዝደለየ ሓሳብ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሰባት ዘሎ እንስሳዊ ባህርያት እዩ። ስስዕ፡ ዓመጽ፡ ምግባት ወዘተ. ከም ኣብ ኩሎም ፍጡራት፡ ኣብቲ ምዕቡል ኣእምሮ ዘውንን ሰብ እውን ዘሎ እዩ። የግዳስ እዚ ባህርያት'ዚ፡ ምስ ምፍጣር ማሕበራዊ ህይወት ንዘመናት ተደቒሱ ወይ ተጸቒጡ ክኸይድ ዝተፈርደ ሕቡእ ባህርያት እዩ። ምኽንያቱ ነዞም ባህርያት እዚኣቶም ሒዝካ ብሓባር ምንባር ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ስነ-ምግባር እንብሎ እምበኣር፡ ነዚ ባህርያት'ዚ ንምድቋስ ተባሂሉ ዝማዕበለ ሓባራዊ ጠባያትን ክብርታትን እዩ። መሰረት ማሕበራዊ ህይወት ድማ'ዩ። ብርግጽ ከኣ፡ ብዘይ ስነ-ምግባር ክፍጠር ዝኽእል ማሕበራዊ ጥርናፈ የለን።

ስነ-ምግባር ቅድሚ ሃይማኖትን ሕጊን ዝነበረ፡ ፈለማ ምስ ማሕበራዊ ህይወት ዝተቐልቀለ ኣዝዩ ጥንታዊ እዩ። ሃይማኖትን ሕጊን ንባዕሎም ካብ ስነምግባር ዝመንጨዉ እዮም ክበሃል ይከኣል። ስነ-ምግባር እዩ ድሓር ተኻላዊ መልክዕ ሒዙ ኣብ ሃይማኖትን ሕጊን ሰፊሩ እምበር፡ ሕጊን ሃይማኖትን ኣይኮነን ንስነ-ምግባር ኣምጺኦዎ። ፈጣሪ፡ ሃይማኖት፡ ሕጊ ዝበሃሉ ኣምራት እውን ኣብ ዘይፍለጡሉ ዝነበሩ እዋን፡ ስነ-ምግባር ነይሩ እዩ። ምኽንያቱ ማሕበራዊ ህይወት እንተሎ ስነ-ምግባር ክህሉ ግድን ስለዝኾነ። ሓባራዊ ስነ-ምግባር እንተዘይብልና፡ ብሓባር ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና።

ትርጉም ስነ-ምግባር እንታይ'ዩ፧ እንተድኣ ኢልና እምበኣር፡ ስነ-ምግባር ዋሕስ ውልቀ ናጽነትን ክብረትን ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት ክበሃል ይከኣል። ነፍሲ ወከፍና ብኻልኦት ሰባት ክንዕመጽ፡ ክንሰረቕ፡ ክንውጻዕ፡ ክንብደል፡ ክንታለል፡ ክንውቃዕ፡ ክንቅተል ኣይንደልን ኢና። ኣብ ኮም ተጠርኒፍና ክንነብር እንከለና ከኣ፡ ካብዞም ናይ ዓመጽ ተግባራት ዝከላኸለልና ዋሕስ የድልየና። እዞም ዝተጠቕሱ በደላት እዚኣቶም ኣብ ርእስና ክፍጸሙ ዘይንደሊ እንተዀይንና ድማ፡ ንሕና እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ልዕሊ ካልኦት በደል ክንፍጽም የብልናን። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት ክትብድልን ደሊኻ ከይትብደልን ፈሪሕካ ፍጹም ክኸውን ዝኽእል ነገር ኣይኮነን። ውልቃዊ ውሕስነትን ክብረትን እንተደሊና፡ ግድን ናይ ካልኦት ክብረትን ውሕስነትን ከነኽብር ኣለና። ስለዚ ድማ ንኹልና ዝገዝእ እወታዊ ባህርያትና ዘድንቕ ኣሉታዊ ባህርያትና ዝኹንን ስነ-ምግባር የድልየና። ክንዲ ዝኾነ ስነ-ምግባር ካብ ሓልዮት ናይ ካልኦት ዝበገሰ ዘይኮነ፡ ካብ ሓልዮት ገዛእ ነብስና'ዩ ዝነቅል። ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት፡ ውልቃዊ ህላወና፡ ናጽነትና፡ ክብረትና፡ ረብሓና ዘውሕሰልና ስነ-ምግባር እዩ። ብዘይ ስነ-ምግባር ኩልና ውሕስነት ክህልወና ኣይክእልን። ነፍሲ ወከፍና ስነ-ምግባር ከይሓለና ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት ክንህሉ ኣይንኽእልን ኢና። ሃይማኖትን ሕጊን፡ ባህልን ክብርታትን ዘድልየና ከኣ፡ ብቐንዱ ስነ-ምግባር ንምሕያል እዩ።

ኣድላይነት ስነ-ምግባር ብኣብነታት ዝያዳ ክበርህ ይኽእል እዩ። ብሓባር ኣብ እንነብረሉ፡ ዝኾነ ሰብ ቃሕታኡ ዝጉብር እንተኾይኑ ብውህደት ክንነብር ንኽእል'ዶ፧ ንኣብነት ኩልና ሰረቕቲ እንተኾይንና ብኸመይ ክንነባበር ንኽእል፧ ኩሉ ሰራቒ እንተዝኸውን ማሕበራዊ ህይወት፡ ኣዝዩ ክፉእን ዘይጽወርን ምኾነ። ኩልና ምስ ተሰራረቕና ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ዝሰረቕ ነገር እውን ኣይምተረፈናን።

ኩሉ ሰብ ሓሳዊ እንተድኣ ኮይኑ'ሞ፧ ዋላ ሓደ ሰብ ንዋላ ሓደ ክኣምኖ ኣይኮነን። ምትእምማን ኣብ ዘይብሉ ከኣ ምርድዳእ ዝበሃል የለን፡ ውህደት ዝበሃል የለን። ኣብ መወዳእታ፡ ከም ደቂሰብ ኩሉ ርክባትና ምተዛርገ እሞ ክንጻወሮ ዘይንኽእል ናይ ኣእምሮ ነውጺ መኸተለልና።


ኩሉ ሰብ ንኻልእ ሰብ ከም ድላዩ ዝቐትል እንተድኣ ኮይኑ'ሞ፧ መጨረሽታኡ ንሓድሕድና ተሃናኺትና ግዳያት ናይ ገዛእ ተግባርና ኢና እንኸውን። በዚ ድማ ማሕበራዊ ህይወት ይዓኑ ጥራይ ዘይኮነ ዘርኢ ወዲ-ሰብ እውን ናይ ምጽናት ሓደጋ መንጸላለዎ። ገለ ጥሩፋት ጉጅለታት ዝፍጽምዎ ጭካነ ዝመልኦ ተግባር ኣብ ሚድያታት ዓለም ክፍኑ እንከሎ ኩሉ ሰብ እዩ ዝሰንብድ። ስለምንታይ፧ በቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝተፈጸመ ጭካነ ስለምንታይ ኩልና ንስንብድ፧ ምኽንያቱ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከምዚ ዓይነት ተግባር ክዕዘብ እንከሎ፡ ብመንጽር ነብሱ'ዩ ዝጥምቶ። “ንዓይ'ከ ከምኡ እንተዘጋጥመኒ፧” ዝብል ሓሳብ ንኣእምሮኡ ስለዝኸሕክሖ ምሒር የሰካሕክሖ። ብርግጽ ድማ፡ ስነ-ምግባር እንተዘየለ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝተፈጸመ ጭካነ፡ ኣብ ገዛእ ነብስና ንኸይፍጸም እንታይ ውሕስነት ክህልወና ይኽእል፧ ወዲሰብ ኣብ ከምዚ ዓይነት ተግባር እንተኣትዩ፡ መወዳእታኡ እንታይ ከምዝኸውን ኩልና ክንግምቶ ስለእንኽእል'ዩ ጉድለት ስነ-ምግባር ዘሰካሕክሓና ወይ ዘሰንብደና። ብርግጽ ድማ፡ ኩሉ ሓሳዊ፡ ቀታሊ፡ ሰራቒ፡ ዓማጺ ዝኾነሉ ዓለም ዝብህግ ሰብ ክህሉ ኣይክኣልን። ደቁ ኣብ ከምኡ ዓይነት ዓለም ክነብሩ ዝደሊ እውን የለን።

ካልእ ቀሊል ኣብነት እውን ክቐርብ ይኽእል። ኣብ ሓደ ዓዲ ወይ ከተማ እንነብር ሰባት፡ ስነ-ምግባር ዘይብልና፡ ፈቐዶኡ ድላይና እንጉሕፍ፡ ሕንከት ዘይንፈልጥ፡ ብቓልዕ ቀልቀልን ሽንትን እንወጽእ እንተንኸውን፡ ዓድታትና፡ ከተማታትና ወይ እንነብረሉ ከባቢ እንታይ ምኾነ፧ ብኹምራ ጉሓፍ ናብ ገምቢ ተቐይሩ፡ ኩልና ግዳይ ፊራን ካልእ ሕማማትን ምኾንና። መን ኣሎ ነዚ ዝደልዩ፧ መን ኣሎ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ከተማ ወይ ዓዲ ክነብር ዝብህግ፧ ዋላ ሓደ እኳ!

እዚ ክልሰሓሳባዊ ትንታነ እዩ። በዚ ትንታነ'ዚ ጥራይ እንተርኢኻዮ፡ ጉድለት ስነ-ምግባር፡ መወዳእታኡ ኩልና ዘይንብህጎ፡ ጭካነን መከራን ስቓይን ዝመልኦ ዓለም'ዩ ክፈጥር ዝኽእል። ዋላ እውን ምጽናት ዘርኢ ወዲሰብ ከኸትል ዝኽእል እዩ። እዚ ድማ ነፍሲ ወከፍና ክኸውን ዘይንደልዮ እዩ። ዘርእና ክጸንት ኣይንደልን ኢና። ስለዚ ድማ ኢና ሰባት ብሓባር ክንነብር ግድን ስነ-ምግባር ዘድልየና። ከም ደቂሰቡ ድሕነትናን ውሕስነትናን ከረጋግጽ እንተዀይንና፡ እቲ ዘለና ምርጫ ብውልቂ ይኹን ብእኩብ ስነ-ምግባር ምሕላው ጥራይ እዩ። ሕጊ ካብ ዘኸትሎ መቕጻዕቲ ወይ ሓጥያት ካብ ዘስዕቦ ኩነኔ ብምፍራሕ ኣይኮነን። በዚ መንጽር'ዚ ስነ-ምግባር ንሕሉ እንተድኣ ኮይንና፡ ሕማቕ እኳ እንተዘይኮነ፡ መረዳእታና ግን ልክዕ ኣይኮነን። ብፍላይ መንእሰያት ኣመለኻኽታና ካብዚ ኣዝዩ ዝሰፍሐ ክኸውን ኣለዎ። ንስነ-ምግባር ብፍርሒ መቕጻዕቲን ኩነኔን እንኹብሮ እንተኾይንና መርኢያ ትሑት ንቕሓት ወይ ዘይብስለት እዩ። ብስለት ዘይብሉን ኣርሒቑ ዘይጥምትን ሰብ ከኣ፡ “ሕጊ ኣየረኻኽበለይን'ዩ. . . ወይ ሰባት ኣይርእዩንን እዮም” ኢሉ ኣብ ዝሓሰበሉ እዋን፡ ተሓቢኡ ስነ-ምግባር ክጥሕስ ድሕር ኣይብልን እዩ። ምኽንያቱ ከም ሰባት፡ ኩልና እንስሳዊ ባህርያትና ዘድርኾ ስሰዐን ዓማጺ ባህርያትን ኣሎና። ተሓቢእካ ቃሕታኻ ናይ ምፍጻም ባህጊ ኣሎና። ነዚ ባህርያት'ዚ ክገትእ ዝኽእል ከኣ ብቐንዱ ስነ-ምግባር እምበር ሕጊ ኣይኮነን።

ንቑሕ ዝበሃል እምበኣር፡ እቲ ብዛዕባ ስነ-ምግባርን ረብሓታቱን ሰፊሕን ዓሚቝን መረዳእታን ዘለዎ እዩ። ምሕላው ስነ-ምግባር፡ ውልቃዊን ሓባራዊን ውሕስነት ዘረጋግጽ እንኮ ምርጫ ምዃኑ ዝርዳእ ሰብ እዩ፡ እቲ ብሱል ሰብ። ከምዚ ዓይነት ሰፊሕ መረዳእታ ዘለዎ ሰብ ድማ'ዩ፡ ንባዕሉ ኣብነት ናይ ጥዑይ ስነ-ምግባር ኮይኑ፡ ስነ-ምግባር ንዘጥሕሱ ክእርምን ከማእዝንን ዝኽእል።

ንምጥቓላል፡ ወዲሰብ ማሕበራዊ ዕብየቱን ድሕነቱን ንምውሓስ በብውልቁ ይኹን ብእኩብ ንስነምግባር ከም ብሌን ዓይኑ ክሕልዎ ዝግባእ እዩ። ምኽንያቱ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንባዕሉ ካብ ዘይስነ-ምግባራዊ ተግባራት ተሓልዩ፡ ስነ-ምግባር ክጥሓስ እንከሎ “ዓገብ” ዝብል እንተኾይኑ ጥራይ እዩ፡ ማሕበራዊ ህይወቱን ረብሓታቱን ቀጻልነትን ውሕስነትን ዝህልዎ። ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት ውልቃዊ ባህጊን ረብሓን የለን ወይ ኣየገድስን'ዩ ማለት ኣይኮነን። እንተውሓደ ግን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ረብሓን ድሕነትን ካልኦት ብዘይሃሰ መገዲ፡ ብጥዑይ ስነምግባር'ዩ ረብሓኡ ክሕሉን ባህግታቱ ክፍጽምን ዘለዎ። እንተዘይኮይኑ፡ ስነ-ምግባር ክጥሓስ እንከሎ፡ እቲ ጽላል ውልቃዊ ህይወት፡ ዋሕስ ህላወን ድሕነትን ዝኾነ ማሕበራዊ ህይወት እዩ ዝዓኑ ዘሎ። ማሕበራዊ ህይወት እንተዘየለ ከኣ፡ ውልቃዊ ህይወትና ውሕስነት የብሉን። ስነ-ምግባር ምሕላው እምበኣር ረብሓኡ ተመሊሱ ንውልቀሰብ ማለት ንነፍሲ ወከፍና ብምዃኑ ብሰፊሕ ንቕሓት ክጥመት ዘለዎ'ዩ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ድልያ ሓርነት መንነትና'ያ

ኣሮን ተስፋኣለም

ሓሾኽ ሓሾኽታ ናይቲ ዘበልያ ዝነበረ ሳንቡሳን ሽፋሕ ሽፋሕታ ናይ ዝወደዮ ሽበጥን ኣብ ከበሳ ኣድህቦ ምስሓበ። ኣብ መታሕት፡ ኣብ ብዓል ባጽዕ ግን ...።

ባርህ ሓጺር ስረን ረቂቕ ጻዕዳ ማልያን ለቢሱ፡ ካብ ማእከል ዕዳጋ ናብ ሴኔማ ሰጋለት ገጹ መጽአ። ኳድሮ ናይ ሴኔማ ርእዩ፡ 'ራሄል' ዘርእስታ ፊልም ክትቀርብ ምኻና ፈለጠ። 'ሴኔማ ክኣቱዶ ዋላ ኣብ ደንደስ ገበይ ሰጋለት ኮፍ ኢለ፡ ንፋስ ባሕሪ እና ኣስተማቐርኩ ከማሲ፧' ብምባል ተማትአ። ኣብ መንጎ ግን ካብ ሓንቲ ናይ'ተን ንደቡብ ዝኣፈን ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ናይ ሴኔማ ሰጋለት ዘርከባ ባንኮታት፡ ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ' ክትዕድግ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንትሕዝቶ'ታ ጋዜጣ ብደዋ ሽፈፍ እናበለት፡ ሰሚራ ተራእየቶ። ብድሕሪ'ዚ ባርህ ግዜ ከየጥፍአ ንሰሚራ ጎፍ በላ'ሞ ምዉቕ ሰላምታ ናይ ናፍቖት ተለዋወጡ።

"ኣብዚ ጥቓኺ ክሳብ ዝበጽሕ ከየስተውዓልክለይ ጸኒሕኪ በቃ፧"

"ሽፋሕ ሽፋሕ ዝብል ድምጺ ደኣ ሰሚዐ ግን ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ዘሎኒ ተገዳስነት ትፈልጦ ኢኻ፡" ነታ ጋዜጣ እናዓጸፈት'ያ ሰሚራ ንባርህ መሊሳትሉ።

"ዋላ እቲ ሽፋሕ ሽፋሕታይ ዘልዕሎ ዝነበረ ደሮና ኣየሸገረክን፧"

"ኪድ! ማዕረ ክንድኡ እኳ ዘይኮንካ። ሰማዕ'ንዶ ግዳ ክሓተካ፣ ገለ ንስኻ እትፈልጦ ለባም ሰብ ክንረክብ ንኽእልዶ፧"

"በዘይካኺ ማለት ድዩ፧" ሰሚራ ቀጥታዊ መልሲ ካብ ባርህ ብዘይ ምርካባ ኣይተሓጐሰትን።

"ለባም ሰብ ከመይ ዝበለ ምዃኑ እምበርዶ ይርደኣካ እዩ፧"

"ለባም ደኣ ከምዚ ከማኺ ግዲ!"

መብዛሕትኡ እዋናት፡ ባርህ ንኽትዕ ዝዕድም ዘረባታት'ዩ ዘምጽኣላ። ሽዑ ግን ክትዕ ሓውሲ ኣሰልክዩዋ ስለ ዝነበረ፡ "ድሓን በል ዓጽሚ ይሃብካ፡ " ብምባል ገጽ ክትከልኦ ፈተነት።

"ርኢኺ! እዚዶ ደይዚ! ለባም እንተ ዘይትኾኒ 'ዓጽሚ ይሃብካ' ኢልኪ ውርዙይ መልሲ ኣይምመለስክለይን። ንስኺ ኵሉ እትፈልጥ፡ ለባም ኢኺ ሰሚራ። ኣነ ከም ኩብዲ ኢደይ እየ ዝፈልጠኪ'ኮ።"

"ዓባየይ ከምዚ ናትካ ምስ በዝሓ፡ 'ዘይእዱን በለ ኺዱን፡' እያ ትብል ነይራ። ባርህ ወዲ ገርሂ ልባ! ኣነ፡ ንልቦና ምስ ብስለት፡ ምስ ናይ ህይወት ተመኲሮ ምህላውን ምስ ምምዝዛንን እየ ዘተኣሳስሮ እምበር ከምዚ ናትካ ምስ ኵሉ ምፋላጥ ኣይኮነን። ከም ተወሳኺ፡ ኣነ፡ እቲ ኣሎኒ ዝበሃል ፍልጠት ጥምዓውን ምስ መጽሓፍቲ ዝተኣሳሰርን ጥራይ እዩ።"

"ኣቤት ትሕትና! 'ትሕት በሉ'ሞ ክትልዕሉ ኢኹም፡' ድዩ ዝበለ። እዚ ዘረባኺ ግን 'ሽማግለታት ጥራይ እዮም ለባማት' ናብ ምባል ገጹ ከይዕዘረኪ ተጠንቀቒሉ።"

"ዎ! ኣታ ሓወይ፡ 'ለባማት ኣይፈልጥን እየ፡' እኳ እኽልቲ መልሲ እያ።"

"ደድሕሬኺ ዝስራዕ ለባም ብቐርባ ኣነ ኣለኹልኪ'ንዶ'ሞ፧"

"ኣነ፡ 'ምስ ለባማት ደቂ ባጽዕ ክላለ ደልየ ኣለኹ፡ ሓግዘኒ፡' እንተ በልኩኻስ ኩለል ተብለኒ፧ ሕራይ'ስከ ለባም እየ ካብ በልካ፡ ... ግን ርግጸኛ ዲኻ፧ ለባም ኢኻ ንስኻ፧"

"ብድሕሬኺ ዝስራዕ፡ ለባምን ፈረቓን እወ!"

"በል ለባም እንተ ኴንካ፡ ናጽነት እንታይ'ዩ፧ ወይ ብኸመይ ሓራ ኴንካ ሓርነትካ ከተውሕስ ትኽእል እስከ ኣረድኣኒ፧"

"እዚ ደኣ እቲ ናይ ኵሉ እዋን ሕቶይ እንድዩ፡ ሰሚራ። ሓቢርና ለባም ክንደልየሉ ኣሎና።"

"መልሰ'ባ! እንታይ ደኣ ኢድካ ሂብካ ሕጂ፧ 'ነዚ ሕቶ ንምምላስ ስለምንታይ ካብ ለባም ጥራይ ትደልዩሉ፧ ዓሻ ብዛዕባ ናጽነት ክምህረኪ ኣይክእልን፧ ቈልዓ ብዛዕባ ዘሎዎ ናጽነት ከረድኣኪ ኣይክእልን፧ ... ኣብ ሓያል ሃሰው ዘይትብል'ያ፧ ኣብ ጨርቂ ደርብዩ ዝዓበደ ሰብኸ፧ ኣብ ተፈጥሮ፡ ኣብ ኣዕዋፍ፡ ወዘተ፣ ሓርነት ኣይተንብብን፧' ክትብለኒ ተጸብየ ግን ዕድል ኣይገበርኩን።"

"ሰሚራ ኣስሊ! ንሓርነት ይኹን ናጽነት ከምዚ እዩ ኢለ ብኣርባዕተ ነጥቢ ክዓጽዎ የሕፍረኒ እዩ። ግን ሓርነት ይኹን ናጽነት ካብ ክትገልጾ ክስምዓካን ከተስተማቕሮን ዘሎካ መንፈስ ኮይኑ እዩ ዝርድኣኒ። ብፍላይ እቲ ውልቃዊ ሓርነትን ናጽነትን ሰባት፡ ኣብ ገለ ግዝያት ንኽትደልዮ ጥራይ ዝዕድም ኮይኑ እውን ይጸንሓካ እዩ። ብዝኾነ ካባኺ ዝሕባእ የለን፡ ሓንቲ ምስ ሓርነት፡ ምስ ናጽነት እትተኣሳሰር እያ ዝበልኩዋ ምስላ ኣላ። ለባም ተቖጽረኒ እንተ ኮይና ንሳ እታ ሰለይ ተብለኒ ዘላ ምስላ ክብለልኪ፧"

"እስኪ በላ።"

"ሰፍኢ የብለይ መበቀጺ፡ ቈልዓ የብለይ መደንገጺ፡ ..."

"'... ባሕሪ ባሕሪ ደኣ እፋጺ፡' ዲኻ ክትብል ደሊኻ፧"

"'... ሩባ ሩባ ደኣ እፋጺ፡' እያ ትብል ኣቲ።"

"እህእ!" ብምባል፡ ሰሚራ ነቲ ክብብ ዝበለ ምልኩዕ ወጅሃ መሊሳ ኣብርሃቶ። ባርህ ኣብ ገጽ ሰሚራ ፍሽኽታ ንኽዓስል ኣብ ምግባር እኳ እንተ ተዓወተ፡ ንሓርነት ይኹን ንናጽነት ብምልኣት ከረድኣ ግን ኣይከኣለን። ሓርነት ወይ ናጽነት፡ ብዓይኒ ባርህ፡ ዝስምዓካን እተስተማቕሮን መንፈስ እንድዩ ከኣ። "በል ከም ዝስምዓና እስከ ግበረና፧"

"ብዓጀባ እምበር። ሓንቲ ንእሽቶ ግጥሚ ኣብዛ ኣፈይ ኣላ፡ ክገጥመልኪ'የ፣ ንስኺ ከኣ ናጻ ኴንኪ ሕበርኒ፡" ዝብል ዕድመ፡ ባርህ ኣቕረበ። "... ግጥመይ ክጅምራ'የ ንስኺ ድማ ሓርነት ምእንቲ ክስmዓኪ ብዘሎኪ ናጽነት ስመርኒ። ሓደ፡ ክልተ፡ ሰለስተ!




# 3ተ ንሓንጎልና ዘዕንዉ ልምድታት

ንኹሉ ክፋል ኣካላትና ዝቈጻጸር ሓንጎልና'ዩ። ግን ዘበዝሐ ዕለታዊ እነካይዶ ንጥፈታት ንሓንጎልና ዝጎድእ ምዃኑ ንፈልጥ ዶ? እቶም ገለገለ እንፍጽሞም እሞ ኸኣ ንሓንጎልና ነባሪ ጉድኣት ዘስዕቡ'ዮም። በዚ መሰረት ነዚ ሞተረን ወሳንን መላእ ኣካላትና ዝኾነ ህዋስ ብጥዑይ ክንሕዞ ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ'ዩ። ጥዕና ሓንጎልና፡ ንሓንጎልና ዝጎድኡ ዕለታዊ ንጥፈታት ብምውጋድ ክንከታተሎ ንኽእል ኢና። ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዞና ድማ ዕለታዊ እንካይዶም ንጥፈታት ግን ከኣ ማዕረ ኽንደይ ይጎድእና ዘይነስተብለሎም ልምድታት ኢና ኽንዘርዝር። እዞም 12 ልምድታት ገሊኦም ኣብ መዓልቲ ብተደጋጋሚ እንፍጽሞም፡ ገለ ድማ ካብ ክልተ ንላዕሊ ልምድታት ብሓባር እንፍጽሞም እዮም። ሓደ ብሓደ ክንርእዮም ከገድሱና እዮም፥

1 ናብ ብርቱዕ ድምጺ ምቕላዕ

ብፍላይ እዞም ኣብ ከተማ እንቕመጥ፡ ንእዝንና መዓልታዊ ኢና ናብ ብርቱዕ ድምጺ እነቃልዖ። ናብ ድምጺ ማኪና ጥራሕ ነስተብህል። ክንደይ ሳዕ ብርቱዕ ድምጺ ማኪና ንሰምዕ? ከምኡ'ውን ንፈትዎ ሙዚቃ ክንሰምዕ ኤርፎን ንወዲ እንተ ኾይና፡ ባህ እናበለና እንተ ኣቋረጽናዮ ይሓይሽ። ዓው ዝበለ ሙዚቃ ብኤርፎን ምስማዕ፡ ንናይ ምስማዕ ጸጋና ክጎድኦ 30 ደቒቕ ጥራሕ'ዩ ዝወስደሉ። እዚ ንናይ ምስማዕ ዓቕምና ምጉዳእ ማለት ንሓንጎልና ኸ እንታይ ማለት'ዩ?

ስነ ፍልጠተኛታት ከም ዘረጋገጽዎ ናይ ምስማዕ ጉድኣት፡ ብቐጥታ መጉዳእቲ ተገንዚቦ የስዕበልና ምዃኑ'ዩ። ከምኡ'ውን ናይ ምስማዕ ምስንኻል ንናይ ሓንጎል ቲሹ ምጉዳእ ማለት'ዩ። ከምኡ'ውን ብሕማም ኣልዛይመር ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎና ይዕብዩ'ዩ። ኤርፎን ገይርና ሙዚቃ ንሰምዕ እንተ 'ለና፡ እዝንና ነቲ ሙዚቃ ስለ ዝለምዶ መመሊስና ዓው ክነብሎ ኢና ንግደድ። ስለዚ ሙዚቃ ኣብ እንሰምዓሉ፡ ኤርፎን ካብ እዝንና ብምውጻእ ድሕሪ 30 ካልኢት መሊስና ነእትዎ። ማዕረ ኽንደይ ዓው ዝበለ ሙዚቃ ንሰምዕ ከም ዘለና ኽርድኣና'ዩ። በዚ መሰረት ሙዚቃ ብኤርፎን ክንሰምዕ ኣብ እንደልየሉ ዓው ክነብሎ የብልናን። ብዝተኻእለ መጠን እቲ ሙዚቃ ካብ 50% ክሓልፍ የብሉን። ከምኡ'ውን ንነዊሕ ሰዓታት ኤርፎን 'ተዘይተጠቐምና ይምረጽ።

2 ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ጸልማት ምሕላፍ

ንዘበዝሐ ሰብ ኣብ ህሰስ ዝበለ ብርሃን ዘለዎ ማለት ዲም ላይት ግዜ ምሕላፍ ባህ ይብሎ'ዩ። ከምኡ'ውን መብራህቲ ኣጥፊእካ ተለቪዥን ምዕዛብ፡ ኮምፒተር ወይ ሞባይል ምጥቃም ደስ ዝብለና'ዩ። ይኹን'ምበር ኣካላትና ተፈጥሮኣዊ ብርሃን ካብቲ ዝደልዮ እዩ። ስለዚ ኣብ ጸላም ነዊሕ ሰዓታት ምሕላፍ ጸቕጢ ከም ዝስምዓና ብምግባር ሓንጎልና ኸም ዘንቀልቁል ይገብሮ።

3 ድኹም ምርጫ ኣመጋግባ

ዝተመጣጠነ ምግቢ ምምጋብ ሓንጎልና ክሳዕ እቲ ዝለዓለ ዓቐን ንኽሰርሕ ይሕግዞ'ዩ። ስለዚ ገለ ገለ ምግብታት ሓንጎልና ብዝበለጸ ንኽዓዩ ወይ ዕዮኡ ከሰላስል ዝሕግዝዎ ክኾኑ እንከለዉ፡ ገለ ገለ ምግብታት ድማ ብኣንጻሩ ከም ዝኸውን ይገብርዎ። ንኣብነት ገፊጥመፈጥ ምግቢ (ጃንክ ፉድ)፡ ልዑል ዓቐን ሽኮር ካብቶም ኣእምሮና ከም ዝዝሕትል ዝገብሩ ምግብታት'ዮም። ብተወሳኺ እዞም ምግብታት ምኽሳዕን ዝተፈላለየ ዓይነት ካንሰርን ከምጽኡልና ስለ ዝኽእሉ፡ ንኣካላትና ብሓፈሻ ንሓንጎልና ድማ ብፍላይ ጎዳእቲ ምግብታት ምዃኖም ፈሊጥና 'ተዘይ ኣዘውተርናዮም ይምረጽ።

መጽሔት መንእሰይ ቍ.77

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንነ ይግባይ በዞሊትን ወረ/ነፍ ጸጊሬዳ መንገሻ ወ/ሮ ኣዜብ ደቦሳይ ዑቕባዝጊ +4ን ዘከራኽር ዘሎ፡ ኣብ ይግባይ ሰሚዒ ቤ/ፍ ዞባ ማእከል ብይግባይ ደረጃ ይረአ ስለዘሎ፡ 4ይ መልሲ ወሃቢ ኣቶ ኤልያስ ደቦሳይ ዑቕባዝጊ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሉተብርሃን ዘውደ በራኺ፡ ብዋል ቤተይ ክፍለ ተስፉ ፍታው ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሰፋሽ በየነ ተኽለ፡ ብዋል ቤተይ ሳሙኤል ከበደም ሓደራ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

የሻና ዓንደ የውሃንስ ምባል ተረፉ፡ የሻና ዓንደማርያም ወልደየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ጉብረሂወት ኣረጋይ፡ ብዋል ቤተይ ዘርኡ ደቦሳይ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣልማዝ ምሕረትኣብ፡ ኣደይ ኣለም ሙብራህቱ ሃደለ ስለዘዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኖቤል ሳሙኤል ኣስመሮም ምባል ተረፉ፡ ኖቤል ሳሙኤል ሰሂል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ቀሺ ኣቢ ኣልኣዛር ዘወልዱ፡ ሓትነይ ሓረጉ ማሰል ትኳቦ ስለዘዋረረት፡ 4 ብኣቦን ብኣደን 1ጥራይ ብኣደ ሓዋ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ናኣሚ ሚከኤል ሻሉ፡ ኣቦና ሚከኤል ሻላ ስለዘዋረረ፡ 2 ደቁ ጥራይ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣስቴር ይሰሃቕ ተወልደመድህን፡ ኣደይ ሓረጉ ንኣምን ከልብ ስለዘዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ዘውዲ ተኽለሚካኤል ታፍላ፡ ብዋል ቤተይ እምባዩ ሃብተገርግሽ ቀሪን ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅናን 2 ተተካእቲን ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃም ወልደስላሴ ተስፉ፡ ብዋልቲ ቤተይ ሚዛን ጉብረመስቀል ዓንደሚካኤል ስለዘዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ፍትዊ ራጌ ተጸዋዒ ኣቶ ሳሊም መሓመድ ናስር፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ምሕረት መሓሪ ተስፉጋብር ምባል ተረፉ፡ ኤልሳቤጥ መሓሪ ተስፉጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተኽለ ስምኦን ብርሃ ምባል ተረፉ፡ ኤዛና ስምኦን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቤንሁር ብርሃ ኣስገዶም ምባል ተረፉ፡ ኣቢናዳብ ብርሃ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ስመረ ወልዱ፡ ብዋል ቤተይ የማነ ሙብራህቱ ወልደጊብርኤል ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ልዋም መሓሪ መጃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓንደም ግርማይ ኣብርሀ፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

የናስ ጳውሎስ ተኽሉ፡ ኣቦና ጳውሎስ ተኽለ በየነ ስለዘዋረረ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ጸጋዊት ሃብተማርያም ርእሶም፡ ብዋል ቤተይ ጉብረትንሳኤ ክፍለ ጉብረማርያም ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣሎጸሀ ተስፉይ በለጠ ምባል ተረፉ፡ ሳይሞን ተስፋየ በለጠ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ሰለሞን ፍቓዱ ጉብረስላሴ፡ ብዋልቲ ቤተይ ተጋ/ንግስቲ ዑቕባርግዝ በርሀ ስለዘዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዳ ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰምሰም ጺጋይ ኪዳኑ፡ ብዋል ቤተይ ሓድጉ ኣሰፍሃ መንግስቱ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወረ/ነፍ ኤፍሬም ኣብርሃም ወ/ት ሉልያ ኤፍሬም ኣብርሃም፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ ልኡል ጆርጆ ሃብቲት፡ ሩት እዮብ፡ ሂንዶከ እዮብ፡ ሰለሜ እዮብ፡ ኣርኣዶም እዮብ፡ ሂርባል እዮብ፡ ቶማስ እዮብ፡ ቢንያም እዮብ፡ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሉችያ ፊደሪቺ ጁዘፔ፡ ብዋል ቤተይ ቺቸሮ ኣንቶንዮ ሳልባቶር ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ቶማስ ተኽለብርሃን ጉብረእየሱስ፡ ሓትነይ ሃና ዑቕባማርያም ስለዘዋረረት፡ ኣነ ምስ 12 ተተካእቲ ሓትኳትተይን ደቂ ኣኮታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሰፋሽ ኣይንኣለም ሃብተገርግሽ፡ ብዋል ቤተይ ጺጋይ ኪዳነ ተስፉጋብር ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሃይለመለኮት ሰልጠነ ጉብሩ ምባል ተረፉ፡ ያሬት ሰልጠነ ጉብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሃብቶም ምሑስ ተስፉሚካኤል፡ ኣዴና ሓጎስ ተድላ ሕድረሚካኤል ስለዘዋረረት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ፍረወይኒ የሴፍ ተወልዴ፡ ኣቦና የሴፍ ተወልደ ጉብረመድህን ስለዘዋረረ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ጉብሩ ተወልደብርሃን፡ ብዋል ቤተይ ከርስ ክፍለ ወልደትንሳኤ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ተስፉሚካኤል ጉብረማርያም፡ ኣቦይ ተስፉሚካኤል ጉብረማርያምን ኣደይ ሄዋና ማና ወልዳይን ስለዘዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙሴ ግደ ጉብረገርግሽ ምባል ተረፉ፡ ማቴዎስ ግደ ጉብረገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስመረ ተኽለማርያም ኣረፋይነ ምባል ተረፉ፡ ስመረ ተኽሊት ኣረፋይነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኽበረት ምሕረትኣብ ኣሲያስ ምባል ተረፉ፡ ኣኽበረት ምሕረትኣብ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሙብራህቱ ጉብረሚካኤል ክፍሉ፡ ወለድና ጉብረሚካኤል ክፍለ ጉብረስላሴን ጉዩይ ዘመንፈስቅዱስ ጉብረእየሱስን ስለዘዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ትዕግስቲ ግርማይ ጺጋይ፡ ኣቦይ ግርማይ ጺጋይ ጉብረእየሱስን ኣደይ ኣኽበረት ቀለታ ዘርኡን ስለዘዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

መስቀላ በርሀ ተኽሉ፡ ብዋል ቤተይ ሃብተ ረዳኢ ጉብረሂወት ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ስምኦን ኣርኣያ ተኽሉ፡ ኣደይ ኣብርሀት ቀሺ ኣርኣያ ጊላዝጊ ስለዘዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ክብራ ግርማይ ኣስገዶም፡ ኣቦና ግርማይ ኣስገዶም ዑቕቢትን ኣቦ ቢተው ከተምን ስለዘዋረሩ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይን 2 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኸሳሲ ኣስመሮም ተኽልኣብ ገ/ሚካኤል፡ ከሳሲት ዘቢብ ኣልጋወረሽ ክፍሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ፈሩዝ ፍጹም፡ ተኸሳሲ ዳዊት ባሕሪጋስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መርሃዊ እምባዩ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ያቆብ እምባዩ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# መልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ለተመድህን ተኽለ ተወልዴ፡ ብዋልቤተይ ኣቶ ሓደሽ ነጋሽ ማሪቆስ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳይሞን ተስፋልደት ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ እንድርያስ ተስፋልደት ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ልዋም ተኽለወይኒ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ሃና ተኽለወይኒ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሉጌታ ኣርኣያ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ተመስገን ኣርኣያ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጎይትኦም ታፈረ ሃብተዝጊ፡ጓልይ ኤደን ጎይትኦም ታፈረ ስለዝተሰወኣት፡ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ሓጅር ገብረኣሊፍ ኪዳነ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰላማ ከሰተ ገብሩ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ከሰተ ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ለተብርሃን ተስፋማርያም ገብረቃል ምባል ተሪፉ፡ ድሉት ተስፋማርያም ገብረቃል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ. ቀሺ. ኣረጋይ ወልዱ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ መንግስ ዑቕቢ፡ ናይ ገዛዘብ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ኣብዲት ክፍሎም ገብረመስቀል፡ ኣደይ ገዐይ ገብሩ ፋንታ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣጸደ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተስፉ ሓጎስ ሃብተሚካኤል ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ክፍላ ወልደጋብር፡ ዓብዩና ገብርኤል ካሕሳይ ርፋዪ፡ ኣቦና ነ/ሄር ክፍለ ወልደጋብር ሓጎስ 1ወዳ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ለተክርስቶስ ክፍለማርያም፡ ብዓል ቤተይ እያሱ ገብረክርስቶስ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ሰምሰም ኪዳን በርህ ምባል ተሪፉ፡ ዩዲት ኪዳን በርህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ደስታ ሃይለሚካኤል በራኺ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ምሉእብርሃን ሰለሙን ሰንጋል፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ ኪዳነ ፍስሃየ በራኺ፡ ብዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ደስቅ ገብሰ ስለዝዐረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ቀይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትብለጽ ምስጉና ኣስፍሃ ምባል ተሪፉ፡ ናኦሚ. ምስጉና ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳምራዊት ምሉእብርሃን፡ ኣቦይ ምሉእብርሃን መሓሪ ተስፋይ ስለዝተሰወኡ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ቀይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ይቕረብ፡፡

ተስፋገብርኤል በረቐ ገብረኢያሱስ ምባል ተሪፉ፡ መሴ በረቐ ገብረኢያሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሂወት ሰለሙን ገ/እግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ኣኽዘ ገብረእግዚኣብሄር ደረስ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ቀይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ፡ ሰም ት/ዕድመ ወደይ ሬድዋን ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሬድዋን ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ፡ ሰም ት/ዕድመ ወደይ ሰሌማን ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሰሌማን ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ፡ ሰም ት/ዕድመ ጓለይ ጀዋሂር ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ጀዋሂር ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ፡ ሰም ት/ዕድመ ጓለይ ሓሊማ ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሓሊማ ዑመረዲን መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲ. ደስታ ገ/ማርያም፡ ተኸሳሲ. ዑቕባሚካኤል ተከሌ ተስፉ፡ ንገንዘብ ዝምልከት ናይ ሰ/ሰ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ሃብተ ሓደሽ ፡ ተኸሳሲ. መብራህቶም ለገሰ ገብርዩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቕርካ

ጺጋ ቡኽራይ ተሜሙ ምባል ተሪፉ፡ ሰናይት ቡኽራይ ተሜሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣተኽም ባህታ ግርማይ፡ ኣደይ ሓጎሳ ገብረማርያም ኣወዓለ ስለዝዐረፈት፡ 4 ደቃ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ልዋም ሜሓሪ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ሚላት ሜሓሪ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኣፍራሕ ሓሰን ሳልሕ፡ ሰም ት/ዕድመ ጓለይ ፋጡማ ሰዒድ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ሰዒድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

የሩሳሌም ኣድሓኖም ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሳሌም ኣድሓኖም ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሰተል ጃብር ዑመር፡ ሰም ኣደይ ዘይኑብ ዓሊ. መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣኸየረ ማሕሙድ ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ እድሪስ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ መሓመድኣሕመድ እድሪስ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርየም እድሪስ ዑመር፡ ሰም ኣደይ ጅምዓ ሕሴ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ጃብር ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰናይ መንግስኣብ ስእለ ምባል ተሪፉ፡ ዘርኣሰናይ መንግስትኣብ ስእለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እንትሳር ሳሞራ ዓሊ. ሓጂ ምባል ተሪፉ፡ እንትሳር ሳሞራ ልጃጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደርጃ ዞባ ዓንሰባ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣምና ሓጅ ዑሰማን ምባል ተሪፉ፡ ኣምና መሳ ዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከድጃ ሓጅ ዑሰማን ምባል ተሪፉ፡ ከዲጃ መሳ ዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣደም ሓጅ ዑሰማን ምባል ተሪፉ፡ ኣደም መሳ ዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ረቅና ሓጅ ዑሰማን ምባል ተሪፉ፡ ረቅና መሳ ዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና ሓጅ ዑሰማን ምባል ተሪፉ፡ ኣምና መሳዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሄራን ዓወት መጃሾ ምባል ተሪፉ፡ ሄራን ብርሃ መጃሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳይና ኢብራሂም ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ኸዲጃ ኢብራሂም ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ጆርም ፍስሃጼየን ገብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ወልደትንሳኤ ማስመር ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ሃይለ ገብረስላሴ ወልደገብርኤል ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00024025 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና119-9 ቁ.ገዛ 6 ዝርከብ ናይ መስርሕን መሸጥን ወርቅን ብሩርን ትካለይ፡ ንኣቶ ዑመር ኢብራሂም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-1 ቁ.ገዛ 55 ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 30/4/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይብሉ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ሃይለ ገብረስላሴ ወልደገብርኤል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንነ ከሳሲት ሳባ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ ተኸሰስቲ ወረ/ኑፍ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ ተሰፋማርያም 1.ፍረወይኒ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ 2.ተኽለ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ፣ 3.ኣልማዝ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ፣ 4.ነ/ሄር ጸጋ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ 2 ተተኣቲ ደቃ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 3 ሰቪላዊ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣልጋሽ ገብረእግዚኣብሄር ተወልደ፡ ተጻዋዕቲ 1.ሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር 2.ፊልሞን ገብረእግዚኣብሄር 3.ሄኖክ ገብረእግዚኣብሄር፣ ናይ ስበዋ ምጽዳቅ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10 መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ተሰፋብሩኽ፡ ተጻዋዕቲ 1.ከሰተ ተፈሪ መንገሻ 2.ኣቶ ገብረኣምላኽ ተፈሪ መንገሻ 3.ኣቶ ሚካኤለ ተሰፋብሩኽ ተፈሪ፣ ናይ ውርሻ ምክፍፋል ፋይል ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዑማደ መሓመድ ሁመድ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ መሓመድ ሁመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ መ/ድ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ ዑስማን መ/ድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑስማን ሓጅ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ዑስማን ሙሳ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራቅያ ሓጅ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ራቅያሙሳ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተሰፋት ዳዊት ፍትዊ ምባል ተረፉ፡ ተሰፋኣለም ዳዊት ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑብያት ተወልደ ክፍላይ፡ ኣደይ ሃንሱ ካሕሳይ ስእሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሻ እድሪስ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ኑሻ እድሪስ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ሃይለ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ዑቕባት ገብረያሃንስ ስለዝዓረፈ፡ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርካንጀሎ ፍራንቸስኮ ዱዱ ምባል ተረፉ፡ ኣርከ ፍራንቸስኮ ዱዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ኣኸበረት በረኸትኣብ መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋስላሴ ገብራት ምሳዮና ስለዝዘተሰወ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጎሸር ሃብቱ ገረታትዮሰን ወ/ሮ ፍቓዱ ገብረስላሴ ተሰፋዝጊ፡ ወድና ዑቕባይ ጎሸር ሃብቱ ስለዝዘተሰወ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ርእሶም ተሰፋይ ወልደሚካኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ክፍላይ በረኸትኣብ ስለዝዘተሰወት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ገነት ወልደሩፋኤል ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ገብረብርሃን የማነ ብርሃ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/6/26

---

ኣመልካቲ ክብሮም ሃብተ ተሰፋማርያም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ንኡስ ዞባ ሰምባል ጎደና ሰለስ ዳሮ ዝርከብ ቁሎታ 47 ፓርቸላ B ብስመይ ዝፍለጥ ገዛ ቁሊብሬቶ 107129 መወከሲ ቁጽሪ 110919 ዘሎ፡ ካብ ኣቶ ድረር ግደይ ገብረክርስቶስ ዝዓደግኩዎ ብስሙ መንበሪ ብቐዓት ገደረ ብድሕሪዚ ናብ ስመይ ማስርሕ ምትሕልላፍ ክፍጸም ስለ ዝደለኹ፣ ተቓውሞ ዘለዎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ።

ክብሮም ሃብተ ተሰፋማርያም

---

ብስም ሃይለ ገብረስላሴ ወልደገብርኤል ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL 00024025 ዘሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 119-9 ቁ.ገዛ 6 ዝርከብ ናይ ማስርሕን መሸጥን ወርቅን ብሩርን ትካለይ፡ ንኣቶ ዑመር ኣደም ኢብራሂም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-1 ቁ.ገዛ 55 ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 30/04/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሃይለ ገብረስላሴ ወልደገብርኤል

---

ኣነ ኣመልካቲት ሓረገ ገብረያሱስ ተሰፋይ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ሰምበል (ቦንድ) ፕሎት 283 ፓርሰል I ጎደና - ስፍሓቱ 252 ት/ሜ ዝኾነ ገዛይ፡ ብምም/ዞ/ማእከል ብዕለት 29/06/2004 መወከሲ ቁ.03/001215 መለለዪ መሬት ASP00026781 ዝተዋህበኒ ምርሒት መሬት ውዕል ኣጠቓቕማ መሬትን Location Mapን ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑ.ቴሌ 07272050 ይሓብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታ ክወሃበኒ ምዃነይ እሕብር።

ሓረገ ገብረያሱስ ተሰፋይ

---

ንሕና ሸየጥቲ ወ/ሮ ፋጥማ መሓመድ+2 ኖቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ፕሎት 10R ቁጽሪ ፓርሰል/ዞን ASP00019912 ፓርሰል "A" ከባቢ ዚፕ ኮድ 1A176 ማእከል ከተማ ጎደና ፊልኮት ቁጽሪ ገዛ 101 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡004656/1 ብዕለት 27/07/2010 ዓ.ም ብስምና ፋጥማ መሓመድ+2 ንዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብዕለት 19/07/2012 ዓ.ም ከምኡ'ውን ብዕለት 29/06/2014 ዓ.ም ንዓደግቲ ስለዝሸጥናሎም፡ ናብ ስም ዓደግቲ ከተመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ብምሓዝ ጉዳይና ክነውድእ ምዃንና ንሕብር።

ሕጋዊ ወኪል ኣቶ መሓመድ ሑሴን

---

ብስም ኣቶ ክብሮኣብ ጎይትኦም ፍስሃዬ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DML0006956 ቁጽሪ መዝገብ DMR00006197 ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ፋስትፉድ ትካለይ፡ ንኣቶ በረኸት ወልዳይ ኣባይ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ከተማ መንደፈራ ቁጽሪ ተሌፎን 07284622 ካብ ዕለት 01/01/2026 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 30/12/2029 ዓ/ም ኣካርዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ ከቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

1.ኣቶ ክብሮኣብ ጎይትኦም
2.ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ጎይትኦም ፍስሃዬ

ሓጋዚት መጽሓፍ
ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ
(ክፍልታት 9-12)
Comprehensive Mathematics
Grade 9-12
- Algebra
- Geometry
ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት
ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
ሰፊሕን ዓሚቕን ሽፋን እትህብ
ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ
✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
✓ ብፋህ ኣብነታት
✓ ስእላዊ መረዳእታታት
✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
✓ መዘንቲ መላመዲታት
✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መኾባ መጻሕፍቲ ትረኽብዎ
ንዝያዳ ሓበሬታ
07142402 / 07461121

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## "ፍቕሪን ሕውነትን ከነትርፍ፡ ምሕረት ጌርና!" ስድራቤት መዋቲ

መሓመድ ኣይፈራሕ
ወ/ኣ/ዜና - ን/ዞባ ሰንዓፈ

ጌጋ መናብርቲ ወዲ ሰብ እዩ፡ ሰብ ኮይኑ ዘይጋገን ዘይብድልን የለን፡ ፍቕርን ምሕረትን ግን መበድልቲ ጌጋ ደቂሰብ'የን፡ እንተኾነ ኣብ ገለ ግዜ ዝጋጥሙ ሓደጋታት፡ ናብ ዝተፈላለየ መኣዝን ብምጥምማዝ ጉዳያት ኣናዊሕካ ንሕብረተሰብ ናብ ዘይተደልየ ጽልእን ቅርሕንትን ምእታው፡ ግዜን ገንዘብን ምብኻን፡ ብዐበኡ'ውን ንኽብርታት ምህሳስ ከም ተርእዮ ንዕዘብ ኢና። እዚም ከምዚ ዝኣመሰሉ ብሕጹብዕቲ ዝቖጽሩ ኮይኖም፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ወርዙይ ባህሉን እምነቱን ተኸቲሉ'ዩ ጉዳያቱ ዘደቅሶምን መዕለቢ ዝገብረሎምን።

ብሰንኪ ሓደጋ ዝሰዓበ ሞት ንምኽሓስ ተባሂሉ ዝወሃብ ገንዘባዊ ክፍሊት ንዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብና ግዕሪ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። ስለዚ፡ ልቦና ብምስፋሕ፡ ሓደጋ ድማ ወዘብን ብዘየገ መንገዲ ክውገድ ዘይክእልን ምዃኑ ብምርዳእ፡ ነቢሪ ስላም ከሰፍን ክንጽዕር ኣለና። እዚ ምስ እንገብር፡ ቀጻልነት ሰላምን ጥምረትን ሕብረተሰብና ወሓሰ ክኸውን ይኽእል።

እቲ ዝተፈጸመ ሓደጋ ህይወት ዝወሰደ ብምዃኑ፡ ሓደጋ ዘጋጠሞም ስድራቤት ኣምሳያኡ ክረኽቡ ዘይግብኦም ኣይኮነን። የግዳ ንዝኾኑ ኣቦም ወጺያም፡ ነገራዊ ትሕዝቶ ከየብሃሉ ምሕረት ይህቡ። ዋላ'ውን ሰኣኑ እንክለዎም፡ ይቕረ ብምባሎም ጥራይ መንፈሶም ይዓርፍ፡ ሕድገት ብምግባርም'ውን ይደብሱ፡ ዝኸሰሩ ከሰርም፡ ፍቕርን ሕውነትን ይመርጹ። እቲ ስልጡንን ወርዙይን ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብ ዝዘሓል ድማ እዚ እዩ።

ብዕለት 24 ሕዳር 2025፡ ልክዕ ሰዓት 5፡00 ድ.ቐ፡ ፈጻሚ ሓደጋ ድያቆን ተኽለ ጉብረየሱስ፡ ተቐማጢ ዓዲ መዝዐ - ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ማኪናኡ ኣተንቀሳቒሱ ሰራሑ ከሰልጥ ናብ ከተማ ሰንዓፈ ተበጊሱ። ዕዮኡ ኣሰሊጡ ብሰላም ናብ ቤቱ ክምለስ ደኣ'ምበር፡ ህይወት ሰብ ክወስድ ኣብ ኣእምሮኡ ኣይነበረን። የግዳ ኣብ'ታ ምሸት እቲኣ፡ ፈጺሙ ዘይሓሰቦ ክስተት ኣጋጢሙዎ። ወዲ 6 ዓመት ህጻን ካብዜር የሰፍ፡ ካብ ትምህርቱ ተፈዲሱ ምስ መጸኣ፡ ወላዲቱ ምስ ንእሽቶይ ሓው ናብ ደኳን ልኢኻቶ፡ መልእኽቱ ኣብጺሑ ንገዛኡ እናተመልሰ፡ ምስ ድያቆን ተኽለ ዘይተሰገር ህሞት ኣጋጢሞምዎም። ድያቆን ተኽለ፡ ማኪና መራሒ ከተማ ሰንዓፈ እናኣተወ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ሰንዓፈ ልክዕ ሰዓት 7፡00 ናይ ምሸት ሓደጋ ፈጺሙ፡ ሞት ህጻን ካብዜር ኣጋጢሙ። ዘየጸገሙ ዘይሕፈሱ ብጣዕሚ ዘየብርድ ድንጋጸ ኮይኑዎ። ህጻን ካብዜር፡ በቲ ዘጋጠሞ ከቢድ


ወ/ሮ ሃገራዊት መብራህቶም (ኣደ መዋቲ)

ማህረምቲ፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ንምርካብ ሆስፒታል ሰንዓፈ ኣትዩ'ኳ እንተ ነበረ ክድሕን ግን ኣይከኣለን። ንጽባሒቱ 24 ሕዳር 2025 ከኣ፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ፡ ስድራቤቱን መቕርብን ኣብ ዝተረኽብሉ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ስድራቤት ህጻን ካብዜር፡ ብመሪር ሓዘኖም፡ ድሮ 5 ወርሒ ሓሊፉ ኣሎ። ደንጉዮ ዘራኸቦም ወገናት፡ ብሓንሳብ ሓዘኖም ተቐራሪቦም ብሰናይ መንገዲ ከይዶም። እዚ ድማ ነቲ ዝተፈጸመ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጽኡ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገበረ፡ ብዕለት 15 ሚያዝያ 2026፡ ኣብ መንጎዞም ክልተ ስድራቤታት ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ ኣሎ። ነቲ ዕርቂ ዝምልከት ስምምዕ ዕርቂ'ውን ተኣቢቡ።

ፈጻሚት ሓደጋ "ከቢድ በደል ፈጺምና ኢና፡ ዝበልኩምና ክንእዘዝ እንሆና ኣብ


ድያቆን ተኽለ ገብረየሱስ (ፈጻሚ ሓደጋ)

ቅድመኹም" ኢሎም ብኽብርን ስነ-ስርዓትን ኣብ ቅድሚ ቤተዘመድ መዋቲ ህጻን ካብዜር ደው ኢሎም። ዓብይትን መራሕቲ ሃይማኖትን ናብ ሰናይ ዝመርሕ ልቦናዊ ዘረባ ተቐቢሎም፡ ንመንፈስ ሰብ ጉዳይን ስምዕትን ዘርግእን ዘዕግበን ዝርርብ፡ ሰላምን ሕውነትን ዝዓሰለ መዓልቲ! ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ብዘሊ ገንዘብ ኣይተላዕለን፡ ዋጋ ዕዳጋ ኣይተሰመዐን፡ ክንጽር ደረት ዝፍቅርዎን ዘኽብርዎን ወዶም ዝሰኣኑ ስድራቤትን ቤተዘመድን "ካብ ኣቦሓጎታትናን ኣቦታትናን ብሰላምን ሕውነትን ጉዳይ ምድቃስ እምበር፡ ካሕሳ ምብላዕ ኣይጸነሐናን'ሞ፡ ኩላትና ቤተዘመድ ዝተሰማምዓናሉ ምሉእ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና" ክብሉ፡ ምሉእን ልባውን ምሕረት ሐዚም ጸሒፎም።

ልቦና ክልቲኦም ወገናት ንሰይጣን ኣብሪሩ መልእኽቲ ሰላም ጸዊዑ። ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ወገን ፈጻሚ ሓደጋ፡ ብሩኽ መዓልቲ ይግበረልና እግዚኣብሄር! እወ ምሕረት ሂብኩምና ኢኹም'ሞ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ እምላኽ ንኹላትና ምሕረት ይሃብና" ክብሉ ምስጋናኦም ብምቕራብ፡ ሰናይ ዘረባ ጀመሩ።

በቲ ዝተፈጸመ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ዝተሰማምዐ ሩፍታን ባህታን ቃሎም ዘስመዑ ካብ ስድራ-ቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ጉብረያሱስ ሓጎስ፡ "ክቡራት ሊቃውንቲ ንሕና ካብ ፍቓድኩም ዘይንወጽእ ሰባት ኢና። እዚ ድማ ዕድልና ጸቢቑ ሕያዎት መንገዲ እግዚኣብሄር ዝሰዐቡ ስድራ-ቤት ኣጋጢምኩምና። ምኻኑም ምስ ጥዑማት ሰድራ ንፋለጥ ኣይነበርናን፡ ሓደጋ እዩ ኣራኺቡና። ርክብና ቅድሚ ሞት ክኸውን ነይሩዎ። መግለጺ ክብረትኩምን ጭውነትኩምን ግን ኣብዚ ሓዘን ምምልላስና ከይተረፈ "እንታይ ገርኩም፡ እዚ ናይ ኣምላኽ ጉዳይ እዩ" እናበልኩም ካብ መጀመርታ ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ተቐቢልኩምና። ካብኡም ንደልዮ ነገር የለን ብጀካ ፍቕርን ሰላምን ብምባልኩም ብወገና ከኣ የቐንየልና ክብረት ይሃበልና ክንብል ንፈቱ" ክብሉ ገሊጾም።

ቀሺ ጉብረያሱስ ብምቕጻል "ሰብ ብገዛዝብ ዘይናኣ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንሸኻትኩም ድማ ሓሲብኩም መኸርኩም መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጻማኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ዝዘንተእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ'ዩ" ብምባል ዘረባኦም ዛዚሞም።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቦይ ቀሺ ከሰተ ጉብረያናሰን ኣቶ ኣብርሃ ሽቃ ኣርያ፡ "ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበኑ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር፡ ኣምላኽ'ውን መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም" እናበለ ንዘበየለና ምሕረት ክንገብርን ምስኣም ክንሰርቐን ስለ ዝእዝዘና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕቡናት ኢና። እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት ከኣ ንኹሉ ሰማዒኡ ይኹን ንርእዩኡ ደስ ዘብል ክዕዑብ ዘለዎ ጸቡቕ ኣብነት ስለዝኾነ፡ ንስድራ-ቤት መዋቲን ንስድራ-ቤት ሓደጋ ፈጻሚን ከኣ ጸጋዎት ይሃብ" ክብሉ ገሊጾም።

ንሳቶም ብምቕጻል፡ "ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾነ፡ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ጉሂና፤ ግን ዘይምለስ ኮይኑና። ኣምላኽ ግን ኣብኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለ ዘውደቕና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ፍቓድኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። 'ካብኹም ንደልዮ ነገር የለን፡ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ፡ ኢልኩም ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾነ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትነብሩ ኢኹም። እዚ ወሲድኩሞ ዘለኹም ስጉምቲ፡ ንሃገርናን ህዝብናን ጸቡቕ ኣብነት ብምዃኑ ድማ፡ ኩሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ረዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ንመዋቲ ህጻን ካብዜር መንግስተ ሰማይ፡ ንኹላትና ድማ ጸጋዎት ይሃበና" ክብሉ ንዝተገበረሎም ምሕረት ኣመስጊኖም።

ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ወሃብቲ


ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ

ምሕረት ዝኾኑ ስድራ-ቤት መዋቲ እዚ ዝስዕብ ናይ ምሕረት ቃል ተሰሚዑ። ንገለ ካብ'ቶም ቃሎም ዘስምዑ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ጽሙቕ ኣቢልና ከቕርበልኩም።

ቀሺ ዓንደም በርሀን ኣቶ ወልዳይ የውሃንስ፡ "ድያቆን ተኽለ ወድና ክቕትል ወድና ካብዜር ክቕተል ኣይወፈሩን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይከል ግን ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሸኻትኹም ከኣ ካብታ ወድና ብማኪና ዝተሃረመላን ሕክምና ዝኸደላን ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካብና ከይተፈለኹም ብግብኡ ስለ ዘደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹሙና ሕያውነትን ገጽን ደቢሱና'ዩ። ካብ'ዚ ዝገበርኩምዎ ዝዓቢ ደበስን ምጉያይን የለን፡ ገንዘብ ዝዕብረልካ የብሉን፡ ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ክምጽኣልካ'ውን ኣይክእልን። ካብ ገንዘብ ግን ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ። ምሉእ ጸጋዎት'ውን ይሃበና" ክብሉ ተዛሪቦም።

"ሓደጋ ወዘቢ'ዩ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይኽእል ክቡር ወድና ብሓደጋ ተፈልዩና፡ ሕጂ ከኣ ጋርንፋሲ ወድና ክንሕልዕ ኣብሱና ስለዘይገብረልና፡ ኩላትና ስድራ-ቤት ተላዚብና ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር ኢና


መም/ ዮሴፍ ምኡዝ (ኣቦ መዋቲ)

ወሲንና። ምኽንያቱ፡ እምነትና ምሕረት ስለዝኾነ። እዚ ከኣ ህዝብናን መንግስትናን ስለዝደግፎ ብዐበኡ ከኣ ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓደሊ ንዘዘበና ፈጣሪ ነመስግን" ዝበለ ኣኮ መዋቲ ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ፡ ምሕረት ምግባር፡ ኣምላኽ ዝፈትዎ ሰናይ ተግባር ስለዝኾነ፡ ኩላትና ስድራ-ቤት ተላዚብና ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር ምውሳንና ዘሐጎሰና'ዩ ክብል ገሊጹ።


ኣቦ መዋቲ መምህር የሰፍ ምኡዝ ብወገኑ፡ እዚ ሓደጋ እዚ እግዚኣብሄር ስለዝፍቀዶ እዩ፡ ሞት ኮይኑ መጺኡ። ንሕና ከኣ ካሕሳ ወይ ጋር-ንብሲ ምብላዕ ኣብ ወለድና ኣይጸነሐናን፡ ሳላ'ቶም ቀዳሞት ወለድና ዘውረሱና፡ ተመሓሒርና ኢና ንነብር። ንሳኹም እውን ምሉእ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና። "ዝመጸ ገዘብ እንተመጸ ወድና ምላሽ እንክሎ ዝበርና ሓጎስ ከመልሰልናን ከደዓዕሰናን ኣይክእልን እዩ። ደበስ ወድና ካብ እንብሎ ሕውነትን ፍቕርን እንተመሳረትና መንፈስና ደሪጉ። ንሸኻትኹም እውን ብሞት ወድና ሰንቢድኩም ሓዚንኩም ተመላሊስኩምን እቲ ሰብ ክንብሮ ዝግባእ ብዓቕምኹም ንኽትገብሩ ላዕልን ታሕትን ኢልኩም ኢኹም እሞ የቐንየልና። ንሕና ድማ ምሉእ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና" ክብል ዝተሰመዖ ብህድኣት ተዛሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ፈጻሚ ሓደጋ ድያቆን ተኽለ ጉብረያሱስ ብወገኑ፡ "ክቡራት ስድራ፡ እቲ ዘጋጠመ ነገር ከቢድ እኳ እንተኾነ በቲ ዝገበርኩምለይ ምሕረትን ጸቡቕ ኣቀባብላን ኣዝየ የመስግን። ብሕጂ ኣብ ጸቡቕኩም የውዕሉ፡ ከም ሓውኹም ኣብ ጎድንኹም ኮይነ ከገልግለኩም እግዚኣብሄር ይሓግዘኒ" ኢሉ።

ንሕና'ውን ብወገና ንወለዱን ስድራ-ቤቱን መቕርቡን ጸጋዎት ንምነዮም። ንኹሎም ኣብ'ቲ ማእርሒ ዕርቂ ዝተሳተፉን ዘርከቡን ኣቦታት ክልቲኡ ስድራቤት እናማስገንና፡ ልዕሊ ኩሉ፡ ንኣደ መዋቲ ህጻን ካብዜር ወ/ሮ ሃገራዊት መብራህቶም፡ ንኣቦ መዋቲ ህጻን ካብዜር መም/ የሰፍ ምኡዝ፡ ከምኡ'ውን ንኹሎም ቀረባ ቤተሰብ መዋቲ ህጻን ካብዜር ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ፡ እቲ ዕርቂ ከምዚ ኢሉ ሰብን እዝጊን ብዝፈትዎን ብዝቕበሎን ምዕሩግ ኣገባብ ንኽፍጸም መርኣያ ጸቡቕ ኣብነት ኮይኖም ንዘርኣዩዎ ተራን ልቦናን ጸጋዎትን ንምነዮም።

ጌጋን ሓደጋን ካብ ሰባት ዘይፍለ ክሳብ ዝኾነ ከኣ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ሕጊ ትራፊክ ኣኽቢሮም ክመርሑ፡ ብኢጋር ዝንቀሳቐሱ'ውን ንሓደጋ ዘቃልዕ ምንቅስቓስ ከወግዱ እናዘኻኸርና፡ ከምዚ ዝበለ ሕድገትን ዕርቅን ንኹላትና ኣብነት ክኸውን ንላቦ።


ስድራ ቤት መዋቲ


ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ ኣብ ልምዓት ማይ፡ ኣብ ውሽጢ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት

**ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ምስ ዋና ዳረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ መሃንድስ መብራህቱ እያሱ፡ ቃል መሕተት ብምኽያድ ዝተዳለወ ጽሑፍ፡ ንሓፈሻዊ ስእሊ ድሕረ ባይታ ዝርግሐ ዝተዋደደ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ገጠራት፡ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ሃገርና ቅድሚ ናጽነትን ገለ ክፋል ድሕሪ ናጽነትን ኣብ ልምዓት ማይ ዝተገብረ ወፍሪ ዘንጸር ትሕዝቶ ተኣንጊዱ ነይሩ። ካልኣይን መወዳእታን ክፋል ይስዕብ።**

ደጋጊመ ከም ዝገለጽክዎ፡ ኣብ ህዝባውያን ትካላት (ትምህርቲ፡ ጥዕና…) ዝግበር ወፍሪ ምውዳድ ቀረብ ስርዓተ ማይ፡ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክሳብ ሕጂ ዝኸይድ ዘሎ ስራሕ እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ባዕሉ እቲ ኣሃዝ ከም ዝሕብረና'ውን፡ 85 ሚእታዊት ካብ ህዝብና ጽሬቱ ዝተዋሕሰ ጽሩይ ማይ ክረክብ ክኢሉ'ኳ እንተሎ፡ ደጊም ኩሉ ኣማሊእና ወዲእና ኢልና እንዛነየሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብዚ ተደሪትና ደው ክንብል ኣይኮንናን። ዝተረፈና ብዙሕ ምህላዉ ንፈልጥ ኢና። መላእ ሕብረተሰብና ዝደልዮ ንኹሉ መዓላ ዘገልግል እኹልን ብቑዕን ማይ ረኺቡ ክንርእዮ ድማ፡ ንጽዕት ኣለና። ነዚ ንምግባር ወይ ንምምላእ ነቶም ክሳብ ሕጂ ጠቕሊሎም ኣገልግሎት ማይ ክረኽቡ ዘይከኣሉ ወገናት፡ ቀዳምነታት ተዋሂብዎም ክብጽሑ ስለ ዘለዎም፡ ንኽነባጽሓሎም ንሰርሓሉ ኣለና። ኣብዚ ዛጊት ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ንምብጻሕ ኣብ ዝተገብረ ስራሕ፡ ተሳትፎ መላእ ህዝባውያን ትካላትን ኮማትን ዝተንጸባረቐሉ'ዩ ነይሩ። ሕጂ እንተኾነ'ውን ትልምና ክዕወት እዘን ትካላት ከም ወትሩ ተሳትፎአን ከዕዝዛ እየ ዝምሕጸን።

**ንልምዓት ስርዓተ ቀረብ ማይ ንምልዋጥ፡ ኣብ ትካልኩም ስርሓት መርመራ ናይ ላባላቶሪ ይካየድ እዩ። ብዛዕባዚ እንታይ ሓበሬታ ትህበና፧**

እነማዕብሎ ወይ እነልምዖ ማይ ኩሉ፡ ጽሩይ ማለት ኣይኮነን። ማይ ተረኺበ ኢልካ ዝሕለፍን ብቐጥታ ንህዝቢ ዝቐረብን ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣኻውሕ ኣለዉ። ንህዝቢ ማይ ከተቕርብ ከኣ፡ ኣበይ ብዘየገድስ ምንጪ ማይ ከተረጋግጽ ኣለካ። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ብዙሕ መጽናዕቲ'ዩ ዝሓልፍ። ምኽንያቱ ብደረጃ ኣህጉራዊ ትካል ጥዕና ቀመማዊ ትሕዝቶኡን ህይወታዊ ትሕዝቶኡንከ እንታይ ክኸውን ኣለዎ፧ ኣብ ኣገልግሎት ቅድሚ ምውዓሉ መጀመርታ ዓይነቱ ክረጋገጽ ስለዘለዎ፡ ትካልና ካብዚ ተበጊሱ፡ ዘውጽኦም መለክዒታትን ደረጃታትን ኣለዉዎ። ስለዚ ንዕኡን ምስኡን ዝመጣጠን ድዩ ብልክዕ ንምፍላጥ፡ ቀመማውን ህይወታውን ትሕዝቶኡ ንምፍላጥ መጽናዕቲ ነካዩድ።

ካብዚ ብምብጋስ ዝተረኽበ ማይ



መሃንድስ መብራህቱ እያሱ

ይስተ ማለት ስለ ዘይኮነን ነዚ ከየረጋገጽና ማይ ንዝስተ ክዕደል ስለ ዘይብሉን ክሳብ ሕጂ ዳርጋ ኣብ ኩለን ዝኾዓትናየን ዒላታት ከባቢ 12300 ቅምሶታት ናይ ላባላቶሪ ብምውሳድ መርመራ ቀመማውን ህይወታውን ኣካዩድናሎም ኣለና። ገለ እውን ብብዙሕ ወጻኢታት ተኻዒቶም ግን ብቕዓቶም ቅቡል ስለ ዘይኮነ፡ እንደገና ዓጺና ወይ ደፊንና እንገድፎም ዒላታት ኣለዉ። ነዚ ንመከታተሊ ዝሕግዛና 170 ዝኾና ነቑጣታት ኣለዋና። ዓይነት ናይ ትሕተ ባይታኣዊ ማይና፡ ይጉድልዶ ወይስ ተዓቂቡ ኣሎ፧ ንምፍላጥ መከታተሊ ዒላታት እውን ኣለዋና። እዚ ኩሉ ክጠቓሶ ዝጸናሕኩ፡ ብዘይ መጽናዕቲ ክብጻሕ ዘይክእል እዩ። ስለዚ ኣብ ክፍልና ንዳህሳስን ሓበሬታን ጸጋ ማይ እትከታተል ጨንፈር ኣላትና። ዲጋታት፡ ወይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስርሓት ኣብ ልዕሊ መሬት ከነካይድ ምስ እንደሊ፡ መጽናዕቲ ከነካይድ ግድነት እዩ።





ወቕቲ ዝናብ ሃገርና ይፈላለ'ዩ። ዝሰፈሐ ክፋሉ ግን፡ ኣብ ክረምቲ እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ፍልይ ዝበለ ወቕቲ ኣለዎ። ዝኾነ ኾይኑ፡ ድሕሪ ዝናብ ወይ'ውን ኣብ ወቕቲ ዝናብ፡ ውሒዙ ዝኸደና ብዝሒ ማይ ክንፈልጥ፡ ዓቕኑ ክንምዝግብ ግድነት ይኸውን። ንዝኾነ ይኹን ልምዓታዊ ስራሕ ኣብኡ ዝተመርኰሰ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ኣቓዲሙ ብመጽናዕቲ ይሕለፍ እዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ቲ እንገብሮ መጽናዕቲ፡ ልክዕ'ዩ ዓቕሙ ክብን ለጠቕን ክህልዎ ይኽእል ይኸውን። ዝኾነ ኾይኑ ኣብ ሃገርና ክንደይ ዝኣክል ጽፍሓዊ ማይ ከም ዘለና ግን ዛጊት ክንፈልጥ ክኢልና ኣለና። ንትሕተ ባይትኣዊ ማይ ክንደይ ካብኡ የህብትም ኣሎ'ውን፡ ምሉኡ ብምሉእ መሊኽናዮ ክንብል'ኳ እንተ ዘይከኣልና፡ ግምታት ግን ኣጥሪና ኣለና። ድሕሪ ዝናብ ውሕጅ መሬትና ክሳብ ክንደይ ተባሒጉትን ካብቲ ዝነበሮ ቦታ ርሒቑ ይጉዓዝን ዶብ ሰጊሩ'ውን፡ ክሳብ ክንደይ ይኸይድ ኣሎ ንምፍላጥ'ውን ምክትታል ንገብር ኢና። ነዚ ዝኸውን፡ ናይ ሓመድ ላባራቶሪ ኣሎና። ኩሉ ግዜ ኸኣ፡ ካብቶም ወሓይዝ ቅምሶ ብምውሳድ፡ ኣብ ላባላቶሪ ኣምጺእና ምርምራዊ ስራሕ ናይ ሓመድ ስለ እነካይድ ድማ፡ ክንደይ ሚእታዊት ካብኡ ሓመድ'ዩ ንምፍላጥ ይሕግዘና። እዚ ኣብ 1997 እዩ ተመስሪቱ። ክሳብ እዚ እዋን'ዚ ኸኣ፡ ኣብቶም ቀንዲን ዝያዳ ክሕለፉ ዘይብሎምን ኢልና እንሓስቦም ነቑጣታት ቅምሶታት ንእክብ ኢና።

ካብ ርኽበት ናይቲ ዝካየድ መጽናዕቲ፡ ፍግረ መሬት ዳርጋ ኣብ ሰለስተ መቒልና ኢና ክንርእዮ ንፍትን። ኣብዚ ዓመታዊ እቲ ዝተሓተ እንብሎ፡ ሓደ ሽሕ ቶን ካብ ሓደ ት.ኪ.ሜ፣ ማእከላይ፡ 3380 ቶን ካብ ሓደ ት.ኪ.ሜ፡ ኣሰካፊ እንብሎ ሽኣ ክሳብ 7 ሽሕ ቶን ሓመድ ካብ ሓደ ት.ኪ.ሜ፡ ተባሒጉት ይኸደና ምህላዉ ክንፈልጥ ክኢልና ኣለና። እዚ ንዓና ኣዝዩ ኣሰካፊ'ዩ። ሕብረተሰብና ብሓፈሻ፡ ሓረስታይና ድማ ብፍላይ፡ ክግደሰሉ ዝግብኦ ኣርእስቲ'ዩ። ምኽንያቱ እዚ ሓመድ'ዚ፡ ፍርያምነቱ ኣብ ሕርሻ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሃገርና ብትሕዝቶ ማዕድን'ውን፡ ደሓን ሃብቲ ኣለወን ተባሂለን ካብ ዝጥቀሳ ሃገራት ከም ምኳና መጠን፡ ፍግረ መሬት ዝጠንቁ ክብሪ ዘለዎም ማዕድናትና ተባሕጉጎም ይኸዱ ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ፡ ጥንቃቐ ዝሓትት ጉዳይ'ዩ። መንግስቲ ካብዚ ተበጊሱ ድማ'ዩ፡ ንናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብደረጃ ሃገር ብሰፊሑ ክሰርሓሉ ዝለዓለ ኣቓልቦ ዝገብረሉ።

**ክፍልኹም፡ ንትሕተ ባይትኣዊ ማይን ጂኦ-ፊዚክስን ኣመልኪቱ ዝካይዶ ዝጥፈት እንታይ ይመስል፧**

ኣቐዲመ ጠቒሰ ነይረ። ኩሉ ልምዓታዊ ስርሓት፡ ኣብ ማይ ምርኩስ ዝገበረ'ዩ። ስለዝኾነ፡ ስነ-ፍልጠት ስነ-ፍልጠት ስለዝኾነ፡ ዝተበገሰ ልምዓት ዕዉት ክኸውን ኩሉ ግዜ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ክኸውን ኣለዎ። ብመጽናዕቲ ዘይተደገፈ ስርሓት ምክያድ፡ ካብ ረብሓታቱ ክሳራታቱ'ዩ ዝዓቢ። ስለዚ ክሳራታት ክውገድን ረብሓታት ድማ ክዛይድን፡ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ዓይነት ስርሓት ምኽያድ የድሊ።

ክሳብ እዚ ቀረባ እዋን፡ ንዝስተ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ቍጠባዊ ጽላታት ዝኸውን ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ትሕተ-ባይትኣዊ ማይ መጽናዕቲ ክግበር ጸኒሑ እዩ። ካብቶም ዝተኻየዱ መጽናዕቲታት ብድምር ክንብል'ውን እንኽእል፡ 5500 ዝተፈላለዩ ናይ ትሕተ-ባይትኣዊ ማይ እንተላይ ናይ ጂኦ-ፊዝካዊ መጽናዕቲ ኣካዪድና ኣለና። እዚ ኣበይ'ዩ ተኻዪዱ፧ ኣብ ገለ ኣገደስቲ ከምኡ ዓይነት ኣገልግሎት ዝደልያ ትካላት ንኣብነት፡ ዒላታት ኣብ ምኹዓት፣ ድሕነት መሰረት ዲጋታት ንምርግጋጽ፣ መሰረት ትሕተ-ባይትኣዊ ዲጋታት፣ ድንድላት (ቢንቶ)፣ ጽርግያ፡ መእለዩ ወሓይዛት፣ ኣብ መስርሕ ህንጸት፡ መሰረት ናይ ትካላት ጥጡሕን ኣብ ዘተኣማምን ከም እተደኮነ ከተረጋግጽ ስለ ዘለካ ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ነዚ ንምግባር ጂኦ-ፊዚካዊ መጽናዕቲ ይግበር እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ መጠነን ብደረጃና ዓበይቲ ተባሂለን ክጥቀሳ ዝኽእላ፡ ዝተሃንጻ ዲጋታት ኣለዋ። እዚኣተን ማዕረ ናይቲ ዝተገበረለን ወጻኢ፡ ዝህባኦ ኣገልግለት ክዓቢ፡ ጥዑይ መሰረት ከም ዘለወን ክረጋገጽ፡ ጂኦ-ፊዝካዊ መጽናዕቲ ክግበረለን ኣለዎ። ስለዚ ኩሉ እቲ እንገብሮ መጽናዕቲ ከምቲ ቅድም ኢለ ዝጠቐስክዎ፡ ንቐወምቲ ንዓዲታት ክኸውን ይኽእል ንኻልእ ኣቕርቦት ናይ ማይ ምሉእን ርጉእን ኮነታት ክንፈጥረሎም፡ መጽናዕቲ ከነካዩድ ኣድላዩ እዩ።

**ኣብ መወዳእታ ሓፈሻዊ ኣብ ውሽጢ 35 ናይ ናጽናት ዓመታት ኣብ ጽላት ማይ ዝተዓመሙ ስርሓትን ዝተሰልዐ ባጀትን ኣመልኪትካን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተለካ እቲ ዕድል ንዓኻ፧**

ቀሊል ዘይኮነ ስራሕ'ዩ ተሰሪሑ። እዚ ኹሉ ዝጠቐስክዎ ስርሓት ኩሉ ወፍሪ ዝጠልብ'ዩ ነይሩ። ወፍሪ ክበሃል እንከሎ ናይ ጉልበት፡ ናይ ገንዘብን ናይ ኣእምሮን ኣብ ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ ትካል ሃገርና ሓደ ካብቲ ኩልና ዘይንገብሮ'ሞ፡ ክንገብሮ ግን ዝግባእ፡ ነፍሲ-ወከፍ እነካይዶ ልምዓታዊ ስራሕ ኮነ ካልእ ንጥፈት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ውሁብን ግቡእናን ኢና እንወስዶ። ክሳብ ክንደይ ወፍሪ ከም ዝገበርና ግን ዘጥፋእናዮ ግዜ፣ ዘፍሰስናዮ ኣእምሮን ዓያዩ ጉልበትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብኡ ከብጽሓና ዝኸኣለ ምስኡ ዝኸይድ ብዙሕ ሞያታት'ውን ይሕወሶ'ዩ። እዚ ኣብ ግምት ኣትዩ ክሳብ ሕጂ ክስራሓሉ ጸኒሑ ኢለ ክዛረብ ኣይክእልን እየ። ምስናይ ሕጽረታቱ ግን፡ ግምታት ንገብር ኢና። ኣብዚ ናይ ምምዝጋብ ባህልና ክምዕብል ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓኒ። ከመይሲ፡ ናብ ሓደ ዝተወፍረ ስራሕ ክምዘገብን ናብ ገንዘብ ክትርጎምን ስለ ዝግባእ። ነዚ ድሕሪ ምግባር ድማ'ዩ ክሳብ ክንደይ ወፍሪ ከም ዝገበርካ ክፍለጥ ዝከኣል። ኣብ ገለ ዝደለብናዮ ተመኩሮታት ግን ኣሎና።

ንተመኩሮታትና መሰረት ብምግባር፡ ንሓንቲ ዓዲ ምንጪ ማይ ካብ ምርግጋጽ ክሳብ እታ ነበርታ ቀዲሖም ማይ ዝወስዱላ ዝተሰርሐ ንጥፈት ግምታዊ ዋጋ ኣሎና። ኣብ ጽፍሓዊ ማይ'ውን ዝተፈላለየ ኣብዚ እዋን'ዚ ብፍላይ መጠኖም ከምቲ ደጋጊመ ዝጠቐስክዎ ብናትና መዐቀኒታት ንኣሽቱ፡ ማእከሎትን ዓበይቲን ዲጋታት ኢልና ኢና ንዛረብ። ነዚኣቶም ብደረጃ ዕብየቶም ኣይኮንናን እቲ ዋጋ እንጥምቶ። ብመጠን ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሞም ኣብ ግምት ኣእቲና ኢና እንጥምቶ። ንኣብነት፡ ዲጋ ከርከበት ካብ 350 ክሳብ 380 ሚልዮን ሜተር ኩብ፡ ዲጋ ገርገራ ክሳብ 50 ሚልዮን ሜተር ኩብ ይሕዛ። ካብዚኣን ንእስ ዝበላ ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሚ ዘለወን ዲጋታት'ውን ብዙሓት ኣለዋና። ኣብዚ ንኽንድ'ዚ ዝኣክል ስራሕ፡ ክንደይ ገንዘብ ኣውጺእና፧ ንሓደ ሜተር ኩብ ማይ ንምሓዝ ክንደይ ኢና ወጻኢ እንገብር፧ ዝቐለለ ገምጋም ኣውጺእና ክንበጽሖ ፈቲንና። ኣብ ጽባሕ ናጽነት ነዚ ንምስራሕ ዝሕግዙና ገለ ገለ ኣብነታት ነይሮሙና። እዚ ድማ፡ ንሜተር ኩብ ብሓንቲ ናቕፋ ንሕዝ ነይርና።

ኣብዚ ሰዓት'ዚ ግን፡ ኣብ ገሊኡ ቦታታት ንሜተር ኩብ ልዕሊ 50 ናቕፋ በጺሑ ኣሎ። ስለዚ ገምጋምና ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ኣብ ስርዓተ ቀረብ ማይ ኣብ ገጠር፡ ከተማን ትካላትን ኣስታት 4.7 ቢልዮን ናቕፋ ዝሓተተ ወፍሪ ተገይሩ ኣሎ። ንማይ ክንብል ዘካየድናዮ ኩሉ ዓይነት መጽናዕቲ፡ ክሳብ 165 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ስርሓት ተኻዪዱ ኣሎ። ጽፍሓዊ ማይ ንምልማዕ እቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ዝተፈላለየ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዎም ዲጋታት ንበሎም ሓጽብታት፡ ክሳብ 120 ቢልዮን ናቕፋ ወጻኢ ተገይሩሎም ዝተሃነጹ'ዮም። ስለዚ ጥቕልል ኣቢልና ክንርእዮ እንተ ደኣ ኺንና፡ ኣብ ሃገር ክሳብ ሕጂ ኣስታት 125 ቢልዮን ናቕፋ (8.3 ቢልዮን ዶላር) ኣብ ወፍሪ ልምዓት ማይ ውዒሉ ኣሎ።

ምንጪ፦ ድ/ሓ/ኤርትራ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ተጻወትቲ ክትመርጽ ጀሚራ

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ናብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ዝሓለፈት ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፡ ምርጫ ተጻወትቲ ምጅማራ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ገሊጹ።

እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት፡ ካብ ውሽጢን ደገን ዝተዋጽኡ ተጻወትቲ ሒዛ ኣብ ቅድመ መጻረዪ ንኢስዋቲኒ ብድምር 4ብ1 ሰዒራ፡ ናብ ናይ ምድብ መጻረዪ ምሕላፉ ይዝከር። ብመሰረት ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ዝወደቐ ዕጫ ከኣ፡ ኣብ ራብዓይ ምድብ ምስ ኬንያ፡ ደቡብ ኣፍርቃን ጊኒን በጺሐዋ ኣሎ።

ሓንቲ ካብዞን ሰለስተ ኣኣንገድቲ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ዝኾኑት ኬንያ፡ ወላ'ውን መውዳእታ ወጺኣ ብቀጥታ እያ ክትሓልፍ። በዚ ድማ፡ ካብዘን ሰለስተ ሃገራት፡ ቀዳመይቲ ዝወጸት ጥራይ እያ፡ ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ክትሓልፍ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ወይ ሽነኻት ሜዳ ሓደስቲ ተጻወትቲ ወሲኻ ከምዝካ ዝሓበረ ኣቶ ጳውሎስ፡ ካብ 17 ሃገራት ዝተዋጽኡ ንምጽራይ ዝተዳለወ 50 ተጻወትቲ ምህላዎም ሓቢሩ። ኣብዚ ዝመጽእ ክልተ ኣዋርሕ ከኣ፡ ዘድልዩዋ ተጻወትቲ መረጻ ወዳእ ቅርጻ ክትሕዝ ተመዲቡ ኣሎ። ኣብዚ ጥንቁቕ መስርሕ ዘድልዮ እዋን፡ ሰለስተ ሓለውቲ ልዳት፡ 14 ተኸላኸልቲ፡ 26 ኣኻፋፈልቲን ሸውዓተ ኣጥቃዕቲን ሓዚ ምህላዎም ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ስታድዮም ኣስመራ ንጸማዚ ዓይነት ውድድራት ዘድሊ ረቛሒ ስለዘማልአ፡ ካልእ ስታድዮም ክመርጹን ኣብ ቀጻሊ ክሕበሩን ምዃኖም ገሊጹ። ምናልባት፡ ኣብ መስርሕ ዘሎ ስታድዮም ኣስመራ ምስ ዝዛዘም፡ ገለ ካብዞን ሽዱሽተ ናይ ምድብ ግጥማት ኣብ ውሽጢ ሃገር ክጻወቱ ተስፋ ከምዘሎ ወሲኹ። ክጽዋኡ ግና፡ ንመጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2030 ዘካይድዎ ግጥማት፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክኸውን ንትስፎ ኢሉ - ጳውሎስ።

"ዝበዝሑ ናይ ደገ ተመረጽም፣ ናይ ውሽጢ ሃገር ተጻወትቲ ስለምንታይ?" ዝብል ሕቶ 'ምኽንያታዊ' ከምዝይኮነ ዝገለጸ ኣቶ ጳውሎስ፡ "ኣንጻር ተወዳደርቲ ሃገራት ክትገጥም እንተኾይንካ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ዝጠቕዑን ከዐውቱኻ ዝኽእሉን ተጻወትቲ ክትመርጽ ኣለካ እምበር ወክልና ኣይኮነን። እዚ ክንብል ከለና ግና፡ ሓለቓ ጋንታን ካልኦት ክልተ ተጻወትቲን ካብ ውሽጢ ሃገር እዮም።" ኢሉ። ግዝያዊ ኣሰልጣኒ ሓሸም ያሲን ናይ ውሽጢ ሃገር ግጥማት ብኣካል ተረኺቡ ይከታተሎ ብምህላዉ'ውን፡ ዘለዎም ተጻዋታይ እንተረኺቡ፡ ዘይምረጸሉ ኣቡት ከምዘየለ ሓቢሩ።




እዛ ጋንታ፡ ዛጊት ገለ ካብቶም ናይ ደገ 12 ተጻወትቲ ሒዙ ምስቶም ሰለስተ ናይ ውሽጢ ሃገር፡ ሰለስተ ከኣ ንፈተነ ዝተታሕዙ ተጻወትቲ ብድምር 18 ኣጠቓለሉ ድሮ ልምምድ ጀሚራ ኣላ።

እዛ ጋንታ፡ ቀዳማይ ጸወታኣ 23 መስከረም ናብ ኬንያ ተጓዒዛ ኣንጻር እታ ሃገር ክትጻወት እያ። 27 መስከረም ከኣ ንደቡብ ኣፍሪቃ ክትዕድማ እያ - ኣብቲ ብሕጂ እትውሰኖ ከም ናታ ገይራ እትጻወተሉ ስታድዮም ምዃኑ እዩ። ጽቡቕ ዕድል!

## ሊግ ዞባ ማእከል - ቀይሕ ባሕሪ ተሳዒራ፤ ደንደን መሪሕነት ተረኪባ

ሊግ ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኣልታሕረር ንቀይሕ ባሕሪ ክትሰዕራ እንከላ፡ ደንደን ምስ ምምሕዳር ማይ ተመናይ ነጥቢ ተማቒላ።



ተኸላኻሊ ማይ ተመናይ ናታን ገብረእግዚኣብሄር

ቀዳማይ እብረ 0ብ0 ኣብ ዝተዛዘመ ጸወታ ደንደንን ማይ ተመናይን ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ደንደን ኣብ መበል 51 ደቒቕ ብመገዲ ስምኦን ሃብቱ ሹቶ ረኺባ መሪሕነት ሒዛ።

እንተኾነ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ፡ ማይ ተመናይ፡ ካብ ኣፈወርቂ ዛይድ ብዝመዝገበታ ሹቶ ተመዓራርያ። ኣብ ዝተረፈ ደቓይቕ ዝተወሰኸ ሹቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ጸወታ 1ብ1 ተዛዚሙ።

ምስ ቀይሕ ባሕሪ ማዕረ ነጥቢ ኣኪባ ዝነበረት ደንደን፡ ሓንቲ ወሲኻ ነጥባ ናብ 23 ክብ ኣቢላ ወጽኢት መውዳእታ ክትዕዘብ ጀሚራ። ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ውልዶ መንእሰይ ተኸላኻሊ ማይ ተመናይ ናታን ገብረእግዚኣብሄር ተረቒሑ።

ቀይሕ ባሕሪ ቀንዲ መተሃላለኺታ ደንደን ማዕረ ምውጻእ ተዓዚባ መሪሕነት ክትሕዝሉ እትኽእል ዕድል ሒዛ እያ፡ ንኣልታሕረር ገጢማታ።

ይኹን እምበር፡ ንሓለቓኣ ዓብለሎም ተኽለዝጊ ብመቕጻዕቲ ዝኸሰረቶ እዛ ጋንታ፡ ንኣልታሕረር ዘሰንፍ ዓቕሚ ኣይነበራን። ኣልታሕረር ካልኣይ እብረ ሓንቲ ደቒቕ ጥራይ ምስ ተሳለ፡ ካብ ኣጥቃዓያ ሄርሞን ጉብረገርግሽ ብዘረኸበታ እኾ ሹቶ 1ብ0 ተዓዊታ። ወጺኡ ክየግኑዮ ንዝሓሰበ ሓለዊ ልዳት ኲዕሶ ብልዕለኡ ኣሕሊፉ ሹቶ ዘመዝገበ ሄርሞን፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

በዚ ድማ ደንደን ወላ'ኳ ማዕረ እንተወጸት፡ ቀይሕ ባሕሪ ብምስዓራ ግና፡ መሪሕነት ክትሕዝ ክኢላ ኣላ። ኣልታሕረር፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ክልተ ግዜ ብምዕዋት ነጥባ ናብ 13 ክብ ኣቢላ ኣላ።

እዚ ውድድር፡ ጸባሕ ዓርቢ፡ ኣዱሊስን ማይ ተመናይን 2፡00 ድ.ቀ ከምኡ'ውን ኣስመራ በራን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን 4፡00 ድ.ቀ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብዘካይድኦ ጸወታ ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ሓቢሩ።

## ሞናሊዛ፡ ኣብ ድሕሪ ሓዲሽ ጉዕዞ፡ እንታይ ውጽኢት ተመዝግብ ኣላ፧

ናይ ቀደም ተቐዳዳሚት ጋንታ ዓራግ ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ናብ ጀርመናዊት ክለብ ካንዮን ስራም ምጽምባራ ይዝከር።

እዛ መንእሰይ፡ ኣብ ቀዳማይ ናይ ኤውሮጳ ውድድራታ፡ ዛጊት ኣብ ጀርመን፡ ቤልጅዩም፡ ፈረንሳ፡ ቸክ ረፓብሊክን ኣስትርያን፡ ኣብ 13 ናይ ውድድር መዓልታት፡ 1109 ኪሎሜተር ሸፊና ኣላ።

ሞናሊዛ ዛጊት እቲ ዝበለጸ ወጽኢታ፡ ኣብ ጀርመን ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር መበል 15 ደረጃ፣ ኣብቲ ኣርባዕተ መድረኻት ዝበሮ ኣብ ኣስትሪያ ዝተኻየደ ዙር ከኣ፡ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ሻሙናይቲ ዝኣተወቶ እዩ። ኣብቲ ውድድር ኣብ




ሞናሊዛ (የማነይቲ)፡ ኣብ ኦስትሪያ መድረኽ ኣብ ዝደየበትሉ

ሓፈሻዊ ግዜ፡ ሳልሰይቲ ኮይና ብምዝዛም መድረኽ ብምድያባ ከኣ፡ ኣብ ናይ ኤውሮጳ ፋልማይ ተመኩሮኣ ብሉጽ ወጽኢት ክበሃል ይከኣል።

እዛ ተቐዳዳሚት፡ ወላ'ኳ ኣብዚ ዝሰፈሓቶ ኪሎሜተራት ናይ የሰኣይ ነጥቢ ኣይተመዝገበት፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመታ ንኣብ መሪት ኤውሮጳ ዝሰርዑ ብርቱዓት ውድድራት ኣብ ምልማድን ምብዳህን ትርከብ፡ ዝያዳ ናይ ብሽክሊታ ታክቲክን ናይ ምብህሃል (Communication) ዓቕማን ኣብ ምዕባይ'ውን ሓጋዚ እዩ። ብዓበኡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኣ (ኣብ የሰኣይ ኣብ ዝምዝገቡ) ኣብ ውሑዳት ኣዋርሕ ክንደዚ ኪሎሜተራት ሸፊና ስለዝይተፈልጥ፡ ብኩሉ መዳዩ ንዕብየታ ሓጋዚ እዩ።

ሞናሊዛ እተመዝገቦ ወጽኢት፡ ክጽዋ'ኣ ንካልኦት ኤርትራውያን ናይ ውሽጢ ሃገር ተቐዳደምቲ'ውን ሓጋዚ እዩ። ምኽንያቱ ንሳ በዚ ጀሚራቶ ዘላ ልዕለኡን ኣዕጋቢ ወጽኢትን ብሉጽ ጸወታን ከተርኢ እንተኽኢላ ካልኦት ክለባት ኣብ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ቀላሕታ ክገብራ ክቕስበን ስለዝኽእላ። ኣብ ናይ ውልቃ ጉዕዞ ድማ፡ ሓንቲ ካብተን ዝበለጻ ፕሮፈሽናላት ኣፍሪቃውያን፣ ክጽዋ'ኡ ተጠመትቲ ተቐዳደምቲ ዓለም ንኽትከውን ብዙሕ ስራሕ ይጽበያ።

## ማልያ ፔለ ናብ ጨረታ

ንጉስ ኲዕሶ እግሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብራዚላዊ - ፔሌ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 1958 ዝለበሳ ቁጽሪ 10 ማልያ፡ ናብ ጨረታ ክትወርድ ምዃና ተሓቢሩ።




ኣብቲ እዋን ወዲ 17 ዓመት ዝነበረ ፔሌ፡ ኣብቲ ንሽወደን 5ብ2 ዝሰዓረሉ ጸወታ፡ ክልተ ሹቶታት ብምምዝጋቡ፡ ሃገሩ ንፈለማ ግዜ ንጽዋእ ዓለም ክተልዕላ መሪሑ ተራ ተጻዊቱ።

እዛ ማልያ፡ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ ኣብ ኣመሪካ ከተማ ኒው ዮርክ እያ፡ ንጨረታ ክትወርድ፣ ልዕሊ ሽዱሽተ ሚልዮን ዶላር ክትወጽእ ድማ፡ ትጽቢት ገይሮሙላ ኣለው።

እዛ ማልያ፡ ኣብ 2004 ኣብ ለንደን ንጨረታ ወሪዳ ብ179 ሽሕ ዶላር (59 ሽሕ ፓውንድ) እያ ተሸይጣ።

ኣርጀንቲናዊ ዲያጎ ማራዶና፡ ኣብቲ ንእንግሊዝ ብኢዱ ተንኪፉ ፍልጥቲ ሹቶ (ክሳብ ሕጂ 'ሹቶ ኢደ ፈጣሪ' ተባሂላ እትፍለጥ) ዘመዝገበሉ ዋንጫ ዓለም 1986 ለቢሱዋ ዝነበረ ቁጽሪ 10 ማልያ፡ ኣብ 2022 ብ9.3 ሚልዮን ዶላር ምሻጣ ይዝከር።

## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ፧

* ናይ ቀደም ዓለማዊ ፋልሃም - ማርኮ ሰልቫ፡ መንበር ምስልጣን ክለብ በዚካ ተቐቢሉ።

እዚ ንቦታ ፖርቱጋላዊ ወዲ ሃገሩ ሆዘ ሞሪኖ ተኪእዎ ዘሎ ዓለሚ፡ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ፣ ብሓደ ዓመት ክናዋሕ'ውን ኣማራጺ ኣለዎ።

ኣብ 2014-15 ንስፖርቲን ዓሊሙዋ ዝነበረ ሰልቫ፡ ድሕሪ 11 ዓመታት እዩ ናብ ሊግ ሃገሩ ዝምለስ ዘሎ።

* ሊቨርፑል፡ ንኣንዶኒ ኢራዶላ ሓዲሽ ኣሰልጣኒኣ ንምግባር፡ ብቓል ኣብ ስምምዕ በጺሓ።

እዛ ጋንታ፡ ንዓለሚኣ ዝነበረ ኣርነ ስሎት ድሕሪ ምብራራ እያ፡ ካብ ቦርንማውዝ ንዝተፋነወ ኢራዶላ ንምቕጻር 'ተብ ተብ' ትብል ዘላ። እዚ ስጳኛዊ ወዲ 43 ዓመት ዓለሚ፡ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምዃኑ'ውን ይሕበር።

## ሆይሉንድ፡ ናብ ናፖሊ ተሰጋጊሩ

ካብ ማን ዩናይትድ ብልቓሕ ምስ ናፖሊ ክጻወት ዝጸንሐ - ራስሙስ ሆይሉንድ፡ ብቀዋሚ ናብታ ኢጣልያዊት ክለብ ምጽምባሩ፡ ዩናይትድ ትማሊ ብዝወጸኦ




መግለጺ ኣፍሊጡ።

ዩናይትድ፡ ነዚ ደኒማርካዊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ክረምቲ 2023 - ብ72 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኢጣልያዊት ክለብ ኣታላንታ ከምዝፈረመቶ ይዝከር።

እንተኾነ ከምቲ ብዙጋ ልዑል ኣገልግሎቱ ክትረኽብ ዘፈረመቶ ክኸውን ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብ መስከረም 2025፡ ብቀዋሚ ናይ ምግዛእ ግዴታ ብዘለዎ ብልቓሕ መስርሕ፡ ብሓሙሽተ ሚልዮን ፓውንድ ናብ ናፖሊ ኣሰጋጊራቶ።

እንሆ ድማ ትማሊ፡ "ራስሙስ ናብ ናፖሊ ብቀዋሚ ተሰጋጊሩ ኣሎ።" ክትብል ብዘውጸኣቶ መግለጺ፡ ዳርጋ ካብቲ ዝገዝኣቶ ፍርቂ ንዲሉ ብ38 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝሸጠቶ ኣፍሊጣ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካን ኢራንን ብሚሳይል ምጥቕቓዕ ቀጺለን

ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን፡ ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ሚሳይል፡ ኣብ ወሽመጥ ፋርስ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ንብረት ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ገሊጹ።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ብወገኑ፡ ብዙሓት ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን ድሮናትን ኢራን ከም ዘምከነ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ኣብቲ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ እትርከብ ደሴት ቀሽም "ኑበስ ምክልኻል" ክብል ዝገለጾ መጥቃዕቲ የካይድ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

እቲ ምጥቕቓዕ ኣመሪካ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ጥቓ መጻብቦ ሆርሙዝ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ዒላማ ኢራን ድሕሪ ምጥቃዓ ከም ዝጀመረ እዩ ዝግለጽ።

ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ኣብ መግለጺኡ ብዘውጸኦ፡ ኣብቲ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ፓናያ ዝተባህለት ምስ ኣመሪካ ምትሕሓዝ ከም ዘለዋ ንዝገለጻ ናይ ንግዲ መርከብ ዒላማ ከም ዝገበረ ሓቢሩ።

ክፍሊ ኲናት (ምክልኻል) ኣመሪካ ግና፡ ኩሎም ናብ ዒላማታት ኣመሪካ ዝተወንጨፉ ሚሳይላት ኢራን ዒላማኦም ከይወቕዑ ከም ዝበርዑ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።



እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብዓል መዚ ሲቪል ኣቪየሽን ኩዌት፡ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ከተማ ኩዌት ብሚሳይላትን ድሮናትን ኢራን ድሕሪ ምድህባዩ፡ ካብን ናብን ዝግበር ዝነበረ በረራታት ነፈርቲ ንግዚኡ ደው ክብል ተገዲዱ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

በቲ መጥቃዕቲ 63 ሰባት ክቖስሉ ከለዉ፡ ሓደ ሰብ ድማ ከም ዝሞተ፡ ኣገልግሎት ዜና ኩዌት ጸብጺቡ።

ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን፡ እቲ ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ምዃኑ ዝገለጾ - ኣብ ልዕሊ ኩዌትን ባሕሬንን ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ሚሳይላትን ድሮናትን፡ "ንኣመሪካ ዓቢ ትምህርቲ ዘቕስም እዩ" ክብል ገሊጹዎ።

## ሚኒስተር ምክልኻል ቦሊቭያ ስልጣኑ ይለቅቕ



ሚኒስተር ምክልኻል ቦሊቭያ ማርሴሎ ሳሊናስ፡ ድሕሪኡ ንሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ኣንጻር መንግስቲ ዝቐንዐ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ካብ ስልጣኑ ከም ዝተኣለየ፡ ምንጭታት መንግስቲ ሓቢሮም።

ብዘይካዚ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ሮድሪጎ ፓዝ እውን ስልጣኑ ክለቅቕ ጸውዒት ይቐርበሉ ከም ዘሎ ይግለጽ ኣሎ።

ማሕበር ሰራሕተኛታትን ደገፍቲ ፕረዚደንት ቦሊቭያ ነበር ኢቮ ሞራለስን ዝርከቡዎም ሰልፈኛታት፡ መንግስቲ ፓዝ ጸገማት መነባብሮ ህዝቢ ንምፍታሕ ስጉምቲታት ክወስድ ክጠልቡ ከም ዝቐጸሉ እዮም ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ዝሕብሩ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ቢትሪዝ ጋርስያ እውን ዝሓለፈ ሰሉስ ስልጣና ከም ዝለቐቐት፡ ማዕከናት ዜና ወሽጢ ሃገር ሓቢረን።

ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ኣብታ ሃገር ህዝባዊ ተቓውሞታት ድሕሪ ምልዓሉ፡ ፕረዚደንት ፓዝ ኣብ ካቢነ ሚኒስትራቱ ዳግመ ውደባ ከካይድ ምዃኑ ኣፍሊጡ ምንባሩ ይሕበር።

ኣብቲ ብሰራሕተኛታት ዝተኻየደ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ሰልፈኛታት ናብ'ተን ኣስታት 2 ሚልዮን ነበርቲ ዝርከባለን ጎረቤት ከተማታት ላ-ፓዝን ኤል-ኣልቶን ዝኸይድ ጽርግያታት ከም ዝዓጸዉዎ እዩ ዝግለጽ።

ከንቲባ ከተማ ኤል-ኣልቶ - ኢሊዘር ሮካ፡ እታ ከተማ ብሰንኪ ምዕጻው ጽርግያ ኣብ መዓልቲ ኣስታት 6.5 ሚልዮን ዶላር ትኸስር ከም ዘላ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሰልፈኛታት ምስ መንግስቲ ብቐልጡፍ ክዘራረቡ ኣተሓሳሲቡ።

## ናይጀርያ - መምህራን ተቓውሞ የካይዱ

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ዝርከቡ መምህራን፡ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ኣብ ግዝኣት ቦርኖ ዝተኻየደ 42 ተመሃሮን መምህራንን ክፍትሑ ዝጸውዕ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ከም ዝኸየዱ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እዮም ኣስታት ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ኣባላት ማሕበር መምህራን ዝኾኑ ሰልፈኛታት፡ ተመሃሮ፡ መምህራንን ኣብያተ ትምህርትን ዘየዳ ሓለዋ ክግበረሎም ይጠልቡ ምህላዎም'ውን መርበብ ሓበሬታ 'ሞደርን ጋና' ገሊጹ።




እዮም መምህራን፡ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ህዝቢ ኣብ'ተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዎ እምነት ስለ ዘላሕልሖ፡ ብዙሓት ወለዲ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ካብ ምስዳድ ይቑጠቡ ምህላዎም እዮም ዘወቕሱ።

መራሕቲ ናይቲ ማሕበር፡ ሰበ መዚ መንግስቲ ነቲ ድሕነት ተመሃሮ፡ መምህራንን ትካላት ትምህርትን ምርግጋጽ ዝብል ተበግሶ ምሉእ ብምሉእ ከተግብሩዎ'ውን የተሓሳስቡ ኣለዉ።

እዮም ብ15 ግንቦት ካብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ዝተኻየዱ ተመሃሮን መምህራንን፡ ክሳብ ሕጂ ናብ ቤቶም ከም ዘይተመልሱ እዩ ዝግለጽ።

## ብደብዳብ ሚሳይል ሩስያ 23 ዩክሬናውያን ተቐቲሎም

ፈደረሽን ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን መጥቃዕቲ ሚሳይል ድሕሪ ምኽያዳ፡ 23 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት 130 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕቲ ዝያዳ ዝተሃስያ ከተማታት ኪየቭን ድኒፕሮን ምዃነን'ውን፡ እቲ መርበብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ከተማ ኪየቭ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ንሳልሳይ ግዜ ዝፍጸም ዘሎ ዝኸበደ መጥቃዕቲ ምዃኑ'ዩ ክብል'ውን ወሲኹ ገሊጹ።

ኣብ ሓደ መዓልቲ ጥራይ፡ ሩስያ ልዕሊ 70 ሚሳይላትን 750 ድሮናትን ተጠቒማ ኣብ ዩክሬን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት'ውን ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ዋሽንግተን ሚሳይል ዝዓግት ተወሳኺ መከላኸሊ ኣየር ክትልእኽ፡ ኣቐዲሙ ምሕጽንታ ኣቕሪቡ ምንባሩ እዩ ዝግለጽ።

ንሱ ኣብ መርበብ ሓበሬታኡ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ዩክሬን ንመጥቃዕቲ ባሊስቲካውን ካልእ ዓይነት ሚሳይላትን ክትከላኸል እንተ ዘይክኢላ፡



ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ መጥቃዕቲ ሩስያ ብሕጂ'ውን ክቕጽል ከም ዝኽእል ብምእማት፡ ህዝቢ ልዑል ጥንቃቐ ክገብር ኣተሓሳሲቡ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ሃገሩ ንመጥቃዕቲ ሚሳይላት ሩስያ ንምምካት ዘኽእላ እኹል ኣጽዋር ከም ዘይብላ ተኣሚኑ።

"እቲ ዘሕዝነ፡ እዚ ሕጂ ዘሎና መከላኸሊ ኣየር፡ ነቲ ካብ ሩስያ ዝመጽእ ሚሳይላት ክንዓግቶ ኣየኽእለናን ዘሎ፡" መጥቃዕትታት ሩስያ እናሓየለ ክቕጽል'ዩ" ክብል ኣጠንቂቑ።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርጌይ ሶብያኒን ብወገኑ፡ ኣሃዱታት ምክልኻል ኣየር ናይታ ከተማ፡ ናብ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ሸሞንተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ከም ዘበርዓ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ድማ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ጥራይ ንመጥቃዕቲ ዝተላእካ 148 ድሮናት ዩክሬን ከም ዘምከነ ኣፍሊጡ።

## ህንዲ - ባርዕ ሓዊ ኣጋጢሙ



ኣብ ከተማ ኒው ደልሂ - ህንዲ፡ ኣብ ሓደ ሆቴል ብዘጋጠመ ባርዕ ሓዊ 18 ወጻእተኛታት ዝርከብዎም 21 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ፖሊስ ናይታ ከተማ ሓቢሩ።

እቶም ግዳያት ዜጋታት ባንግላደሽ፡ ናይጀርያ፡ ሞዛምቢክን ላይብርያን ምዃኖም'ውን ወሲኹ ገሊጹ።

ገለ ሰባት ካብቲ ባርዕ ንምምላጥ ብመስኮት ናይቲ ሆቴል ከም ዝዘለሉ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኣመልኪቶም።

ሓደ ካብቶም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ "ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰባት፡ ነቶም ካብ ላዕለዋይ ደርቢ ናይቲ ሆቴል ዝዘሉ ዝነበሩ ግዳያት ንምድሓን ፍርናሽ ዘርጊሖም። ሓንቲ ኣደ ድማ ምስ ወሉዳ ካብ ሳልሳይ ደርቢ ዘሊላ ክትድሕን ክኢላ" ኢሉ።

ድሕሪ እቲ ፍጻመ፡ "ብውህድ ጻዕሪ ፖሊስ፡ ኣገልግሎት መጥፋእቲ ሓዊን ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕንን ልዕሊ 40 ሰባት ድሒኖም ሕክምናዊ ረድኤት ንምርካብ ናብ ሆስፒታል ተላኢኾም ኣለዉ፡" ክብል ፖሊስ ናይታ ከተማ ኣረዲኡ።

ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ብልክዕ እኳ እንተ ዘይተገልጸ፡ እቲ ባርዕ ካብቲ ኣብ ጥቓ እቲ ሆቴል ዝርከብ ቤት መግቢ ዝተበገሰ ክኸውን ከም ዝኽእል ግን፡ ፖሊስ ገሊጹ'ሎ።

ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ነቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከእትውዎ ከም ዝኸኣሉ'ውን፡ ሮይተርስ ንሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ብምጥቃስ ጸብጺቡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ በቲ ትራጀድያዊ ሓደጋ ዝተሰምዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጽ፡ ንስድራ ግዳያት ጸንዓት ተመንዩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 04/06/2026 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565